# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 27 ዓመት ቁ.295 ዓርቢ 10 ነሓሰ 2018 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ልኡላውነት ሃገራት ዝግህስ...



ገጽ 5
ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ምቕባል

ገጽ 6
ማይ - ክርከብ ዘይዝከር ክሰኣን ዝምእረር



ገጽ 7
ባጉም ባጉም ... ንደብረ ቢዘን ክንማላኣኩም



ገጽ 9
ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ተመሊሳ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ስዑድያን ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድና ዘትዩ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 9 ነሓሰ ኣብ ኤርትራ ናይ ሓደ መዓልቲ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ምስ ዝፈጸመ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዓድል ኣልጁቢር፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድናን ዞባዊ ምዕባለታትን ዘተኩረ ዘተ ኣካዩዱ።

ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፡ ሚኒስተር ዓድል ኣልጁቢር፡ ኣብ ምዕዛዝ ታሪኻውን ሕወነታውን ዝምድናታት ኤርትራን ስዑድያን ዘተኩረ መልእኽቲ ሰናይ ምኞት ንጉስ ሳልማን ቢን ዓብዱልዓዚዝ ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ሃገሩ ዝ. ድልዱል ስረት ዘለዎ ክልተኣዊ ዝምድና፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብፍላይ ድማ ኣብ ወፍሪን ንግድን ናብ ዝበረኸ ደረጃ ክብ ንምባሉ ዘለዋ ድሌትን ድልውነትን ኣረጋጊጹ።



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብወገኑ፡ ምምዕባል ታሪኻዊ ዝምድናታት ኤርትራን ስዑድያን ካብ ክልቲኦን ሃገራት ዝሓልፍ ረብሓታት ስለዘለዎ፡ ቅሩብነት ኤርትራ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ምዕባለ ተራ ስዑድያ - ንጸጥታን ርግኣትን ናይ'ዚ ዞባ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዓድል ኣልጁቢር ንኤርና ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ስዑድያን ኤርትራን ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብቐንዱ ድማ ኣብ ወፍሪ፡ ንግድ፡ ጸጥታን ቃልሲ ኣንጻር ሽበራን ዘለወን ሽርክነት፡ ኣብ ቀዳምነታተንን ዕላማታተንን እውን ተመሳሳልነትን ወሃደትን ከምዝለወን ብምሕባር፡ ኣብ መንጎ መራሕተንን ላዕለዎት ሰበስልጣነንን ዝዋሃብ ምብጻጻሕን ናይ ምምኽኻር መድረኻትን'ዚ ዘሐይልን ቅኑዕ ኣንፈት ዘትሕዝ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዓድል ኣልጁቢር ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቀትሪ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተቐቢሎሞ።

ምስ ሚኒስተር ዓድል ኣልጁቢር፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ስቴት ሚኒስተር ንጉዳያት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣሕመድ ዓብዱልዓዚዝ ቓጣን ዝርከቦም ሰበስልጣን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ መጺኦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንንጉስ ሳልማን ቢን ዓብዱልዓዚዝ ብዝዘበረሉ ዕድመ መሰረት - ብ23 ሓምለ፡ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ዝቖመ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ድማ ብ5 ነሓሰ፡ ኣብ ስዑድያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ምፍጻሞም ይዝከር።

## መግለጺ

መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ መንግስቲ ካናዳ ምእንቲ ካልእ ኣጀንዳታቱ ኢሉ፡ ብዛዕባ ንግስነት ስዑድያ ዘውጽኦ ኢሓላፍነታዊ ናይ ንዕቀት ምትንኻታኹን (provocation) ታህዲድን (blackmail) እናኾነ፡ ንመንግስቲ ስዑዲ ዓረብ፡ ምእንቲ ልዑላዊነቱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምእንቲ ክብረት ልዕልና ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ዝጎብኦ ስጉምቲ ኪወስድ ይጽውዕ።

ሚኒስትሪ ዜና
ኣስመራ - 9 ነሓሰ 2018

## ብሪጋደር ጀነራል ተመስገን በርሀ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ ብሪጋደር ጀነራል ተማስገን በርሀ፡ ብሕማም ምኽንያት ኣብ ወሸጥን ወጻእን ሕክምናዊ ክንክን ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ6 ነሓሰ ኣብ መበል 71 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።

ኣብ 1965 ዓመተ-ምህረት ኣብ ትሕቲ ጽላል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተወዲቡ ከም ኣኪያዲ ኣካል ማሕበር ተመሃሮ ግቡኡ እናማልአ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1965 ናብ መሳርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ተማስገን በርሀ፡ ካብ 1967 ኣብ ተዋጋኢ ኣሃዱታት ተመዲቡ ክሳብ ደረጃ ጹሓፊ ጋንታ ብምዃን ክጋደል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ቲ ዓመት'ቲ ንዝለዓለ ወተሃደራዊ ትምህርቲ ናብ ሃገረ ዓራቕ ተላኢኹ ንኣርባዕተ ዓመታት ዝተማልአ ወተሃደራዊ ስልጠት ቀሲሙ ናብ ሜዳ ተመሊሱ።

ብድሕሪዚ ኣብ 1971 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተሰለፈ ሓርበኛ ተማስገን በርሀ፡ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት፡ ኣብ ምትእትታው ዘመናዊ ወተሃደራዊ ትምህርቲን ምምስራት ኣሃዱታት ከቢድ ብረትን፡ ከም'ኡ'ውን ከም ተራ ተዋጋኢ፡ ከም መምህር፡ ሓላፊ ማእከል ስልጠናን ታዕሊምን ኣዛዚ ኣሃዱታት ከቢድ ብረትን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ዝሰርሐን ዝመርሐን እዩ።



ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ከም ላዕለዋይ ኣወሃሃዲ ስታፍ ስልጠናን ውዲትን ከበድቲ ኣጽዋር ብምዃን ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ንህዝቡን ሃገሩን ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ጉዳም ተጋዳላይ ብሪጋደር ጀነራል ተማስገን በርሀ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ቀዳም 11 ነሓሰ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ-ቀትሪ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ብሪጋደር ጀነራል ተማስገን በርሀ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

## ገዲም ተጋዳላይ ተስፋይ ተኽለ ተሰዊኡ

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ጉዳም ተጋዳላይ ተስፋይ ተኽለ፡ ብዘሓደሮ ሕማም ኣብ ሃገረ ጀርመን ሕክምናዊ ክትትል ክገብር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ30 ሓምለ ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።

ካብ 1963 ክሳብ 1966 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተወዲቡ ምስጢራዊ ስርርዕ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ክካይድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1967 ናብ መሳርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ጉዳም ተጋዳላይ ተስፋይ ተኽለ፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ንሓርነት ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ፈለማ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቁጠባዊ ልምዓት፡ ድሒሩ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮይኑ፡ ንህዝቡን ንሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ስውእ ተስፋይ ተኽለ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ቀዳም 11 ነሓሰ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ-ቐትሪ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም እዩ።

ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ተስፋይ ተኽለ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መሳርሕቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ኣህጉራዊ ጉዳያት

ተስፋኣለም የማነ

ኣህጉራዊ ንግዲ ዝበሃል፡ ካብን ናብን ስግረ-ዶባዊ ምንቅስቓስ ናይ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ክኸውን ከሎ፡ እቲ ንዕኡ ዘማእዝን ወይ ዘማሕድር ኣገባብ ድማ ‘ኣህጉራዊ ስርዓተ-ንግዲ’ ይብሃል። ኣብዚ እዋን’ዚ ግን፡ እዚ ኣህጉራዊ ስርዓተ-ንግዲ ዝበሃል፡ ንዓለማዊ ፍርያት ናይ ምቁጽጻር ዕማም ዘጠቓልል ይኸውን ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ፡ ኣህጉራዊ ስርዓተ-ንግዲ ንኹነታት ምስግጋር ቴክኖሎጂ፡ ናይ ወጻኢ ወፍርን ውድድርን ዘጠቓልል ይኸውን ኣሎ። ስለምንታይ ንግዲ ይካየድ? ናቱ ዝኾነ ዝተፈላለዩ ክለሳ-ሓሳባትን ኣረኣእያን ኣለዉ። ኣህጉራዊ ስርዓተ-ንግዲ ከመይ ክኸውን ኣለዎ? ንዝብል ከኣ፡ ሰለስተ ቀንዲ ክለሳ-ሓሳባት ወይ ርኢይቶታት ኣለዉ። እቲ ቀዳማይ - ሓድሽ ክላሲካዊ (ኒኡክላሲካል) ዝበሃል ኮይኑ፡ ኣህጉራዊ ስርዓተ-ንግዲ ነጻን ፍቱሑን ክኸውን ኣለዎ ይብል። ኣሰዒቡ ድማ፡ ናጻ ንግዲ ኣብ ኣህጉራዊ ምክፍፋል ዕዮ መሰረት ገይሩ ብባህርያዊ ተዛማዲ ብልጫ ከምዝውሰን ይገልጽ። ተዛማዲ ህላወ ትዕድልቲ/ተውህቦ ንተዛማዲ ዋጋ መፍረ ኣቑሑ ከምዝውሰኖ ይግምት። ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ከኣ ብዙሕ ዓያዪ ጉልበትን ባህርያዊ ጸጋን ኣለወን። እዚ ማለት፡ ዋጋ ዓያዪ ጉልበትን ባህርያዊ ጸጋታትን ኣብዘን ሃገራት ትሑት ስለዝኾነ፡ ነዚ ንምፍራይ ተዛማዲ ብልጫ ኣለወን ይብል። ኣብ ምፍራይ’ዚ ሕሰር ዝዋግኡን ብዙሕ ክእለት ዘይሓትትን ጸጋ ከድህባ ከምዝኽእላ ድማ ይመክር። ብኣንጻሩ፡ ምዕቡላት ሃገራት ብተዛማዲ ዝሓሸ ርእሰ-ማልን ቴክኖሎጅን ስለዘውንና፡ ርእሰ-ማልን ቴክኖሎጅን ዝውብሎ ፍርያት ከፍርያ ተዛማዲ ብልጫ ኣለወን። ብመሰረት ባህርያዊ ተዛማዲ ብልጫ ድማ፡ ኣካላት ኣህጉራዊ ንግዲ ንጥረታት ንግዲ ክፉት ኣብ ምግባር ንምስላጥ ከምዝተመስረታ የረድእ።

እቲ ካልኣይ ‘ኒውቲካዝያን’ ዝበሃል ክለሳ-ሓሳብ ኮይኑ፡ ስርዓተ ኣህጉራዊ ንግዲ ነጻ ኣይኮነን ዝብል እዩ። ከም’ቲ ዝበሃለ - ኣብ ዝሓለፈ እዋናት’ውን ኣህጉራዊ ስርዓተ-ንግዲ ነጻን ርትዓውን ኮይኑ ኣይፈልጥን። ብዘወሳኺ፡ ኣብ ስርዓተ ኣህጉራዊ ምክፍፋል ሸቐለት ዝምርኮስ ንግዲ፡ ናብ ሓድሕዳዊ ረብሓ ዝርከቦ ኣንፈት ዘምርሕ ኣይኮነን። እንተኾነ ዕቑር ተኽእሎ ኣለዎ። ኣህጉራውያን ኣካላት ንግዲ ከኣ፡ ኩለን ሃገራት ካብ ንግድን ኣህጉራዊ ምክፍፋል ሸቐለትን ርትዓዊ ንግዲ ንምርግጋጽ ክሰርሓ ኣለወን። ሊቕ ስነ-ቁጠባ ዝኾነ እንግሊዛዊ ጆህን መይናርድ ኬነዝ ሓደ ካብቶም ንምስረት ናይ’ዞም ሰለስተ ፋይናንሳዊ ትካላት ዓለም ዘንጸፈ ዝርርብ ዝመርሑ እዩ። ከምኡ’ውን ነቲ ኣብ 1930ታት ዘጋጠመ ብ‘ዓቢ ቁጠባዊ ድስካለ’ ዝፍለጥ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው መግለጺ ዝሃበ’ዩ። ከምዚ ድማ ይብል፦

“ሕጽረት ወሃሉል ጠለብ (Aggregate demand) ንምንቅልቃል ቁጠባ’ዩ ዝገልጽ። ፖሊሲ መንግስቲ ከኣ ወሃሉል ጠለብ ንምብርባር ተራ ኣለዎ። ገዝኣዊ ፖሊሲ ኣድማዒ ኣብ ዘይኮነሉ ኩነታት፡ መንግስቲ ንመጠን ወጻኢታት (Expenditure) ብምዕባይ ወይ ከኣ ቀረጽ ብምጉዳል ኣብ ፊዚካላዊ ፖሊሲታት ክምርኮስ ይኽእል እዩ።

እቲ ሳልሳይ ክለሰ-ሓሳብ ‘ንግዲ ክለሰ-ሓሳብ ማርክስ’ (ሄተሮዶክስ) ዝbeሃል ኮይኑ፡ ኣህጉራዊ ስርዓተ-ንግዲ ነጻ ኣይኮነን ኮይኑ’ውን ኣይፈልጥን’ዩ ይብል። nመጻኢ’ውን ፈጺሙ ክኸውን ኣይክእልን’ዩ ዝብል ምጉት ኣለዎ። ኣብ ኣህጉራዊ ስርዓተ ምክፍፋል ዕዮ ዝምርኮስ ንግዲ ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ዝተሰገደደ ኮይኑ፡ ንልምዓት ናይ’ተን ሃገራት ኣደናጉይዎ ጥራይ ዘይኮነ ዓጊትዎ’ውን እዩ። እዚ ክውንነት’ዚ ድማ፡ ኑቲ ኣብ ወፍሪ ክውዕል ዝኽእል ኣኸል-ተረፍ ርእሰ-ማል ብጥቡብ ናብ ምብሕጓግ ዘምርሕ’ዩ። ኣህጉራውያን ኣካላት ንግዲ ከኣ ንረብሓ ናይ’ቶም ጉጅለ ሰብ ዋኒናትን ንረብሓ ናይተን ፋይናንሳውያን

# ልኡላውነት ሃገራት ዝግህስ ዞባዊ ውዕላት ንግዲ



ትካላት ዝተደኮናለን ሃገራትን ከበልጽጋ ዝተፈጥራ እየን’ዩ ዝብል።

ብተወሳኺ፡ ኣህጉራዊ ምክፍፋል ዕዮ ንረብሓ’ቲ ዝቕልቀል ዝበረ ኢንዱስትርያዊ ቁጠባ ተባሂሉ ብምግዛእቲ ዝተመስረተ’ዩ። እዚ ኣገባብ’ዚ ድማ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ጥረ-ነገራትን ካልኦት ሕሱራት ሃለኽቲ ነገራትን ጥራይ ኣብ ምፍራይ ከምዝሕጸራ ዝገበረ’ዩ። ኣህጉራዊ ምክፍፋል ዕዮ፡ ብድርዒ ናይ’ተን ኣህጉራውያን ፋይናንሳውያን ትካላት (ዓለማዊ ባንክ፡ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብን ውድብ ንግዲ ዓለምን) ጠጠው ዝበለን፡ ብዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ጸቕጥን ኣድላዪ እንተኾይኑ’ውን ወተሃደራዊ ምትእትታው ብምግባር ዝቖጽል ዘሎ ስነ-ሓሳብ’ዩ። ብተወሳኺ፡ ኣህጉራዊ ንግዲን ክፉት (liberalization) ምግባሩ፡ ንኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣርባሒ ክኸውን ይኽእል’ዩ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ግን፡ እተን ሃገራት ንሰደድ ዝዓለመ ድልዱል ዝኾነ ስትራተጂ ኢንዱስትርያውነት ዝኽተላ ጥራይ እንተ ኾይነን እዩ። ብምጥቃሉ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ንምዕቡላት ሃገራት ዝሓቁፍ ናጻ ናይ ንግዲ ዞባ ብትሪ ክቃወማ ኣለወን ይብል። እዚ ከኣ ሃገራት ካብ ንግዲ እቲ ዝድለ ረብሓታት ንምርካብ ዝተፈላለየ ስምምዓት ክገብራ ይግደዳ ማለት’ዩ።

ዕላማ ክልተኣዊ፡ ዞባዊ ወይ ኣህጉራዊ ማሕበራ-ቁጠባዊ ስምምዓት/ውዕላት፡ ሓድሕዳዊ ረብሓ ኣህዛብ ናይ’ተን ስምምዕ ዝገበራ ሃገራት ንምድንፋዕ ዝፍረሙ እዮም። ኣብ መጀመርያ ናይዚ ዝሓለፈ ዕቑድ ማለት ዓውለማ ኣብ ዝተወዓወዐሉ፡ ሃገራት ካብ ዓውለማ ዝያዳ ረብሓ ንምርካብ ኣብ መንጎአን ስምምዓት ንምግባር ዝያዳ ተበግሶታት ክገብራ ተራእየን እየን። ከም ውጽኢቱ ከኣ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ትሕዝቶን ዝርግሐን ዘለዎም ስምምዓት ተኸቲሞም እዮም። ይኹን’ምበር፡ ምስ ግዜ እቶም ዝኽተሙ ዝበዙን ዘለዉን ውዕላት ንግዲ ሕቶታት ክለዓዕሉ ክኢሎም ኣለዉ። እዞም ሎሚ ዘለዉን ኣብ ማእከል ዝርርብ ዝርከቡን ዞባውያን ውዕላት ንግዲ፡ ከም’ቲ ብወግዒ ዝዝረበሎም ብዝዕባ ናጻ ምንቅስቓስ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ዘይኮኑ፡ ብዝዕባ ወፍሪ፡ ምፍራይን ማሳል መሃዝትን ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም። ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ’ዚ ከኣ፡ እዞም ኣበየ ዞባኡ ገሊኦም ዝተወድኡ ገሊኦም ድማ ኣብ ማእከል ዝርከቡ ዞባውያን ስምምዓት ንግዲ፡ ኣብ መጻኢ ክህልዎም ዝኽእል ሳዕቤን ንምፍታሽ’ዩ።

ሃገራት ጥቡቕ ዝኾነ ንግዳዊ ንጥፈታት ንምኪያድ ኣብ መንጎአን ውዕላት ንግዲ ይገብራ እየን። እዚ ድማ ናጻ ናይ ንግዲ ዞባ ብምምስራት ክልተኣዊ፡ ዞባዊ ወይ’ውን ኣህጉራዊ ስምምዓት ክኸውን ይኽእል። ስምምዓት ናጻ ንግዲ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝለዉ ታሪፍ ይኹን ታሪፍ ዘይብሎም ማሕለኻታት ንግዲ ብምእላይ ካብ ንግዲ ዝለዓለ ረብሓ ንምርካብ እዩ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ፡ ኣብ 1947 ኣብ ሕጋውነት ዝተመስረተ ስርዓተ-ንግዲ ንምምስራት ዝዕላማኡ ‘ሓፈሻዊ ስምምዕ ኣብ ጉዳይ ታሪፍን ንግድን’ ብ23 ሃገራት ተፈሪሙ። ይኹን’ምበር፡ እቲ ንምምስራት ውድብ ንግዲ ዓለም መበገሲ ዝኾነ ‘ኣህጉራዊ ስምምዕ ንግዲ ዙርያ ኡራጓይ’ ኣብ 1986 እዩ ጀሚሩ፤ ክሳብ 1994 ድማ ሰሪሑ። ቀንዲ ጭቡጣት ኣህጉራዊ ስምምዕ ንግዲ ዙርያ ኡራጓይ፡ ስምምዕ ኣብ ሕርሻ፡ ሓፈሻዊ ስምምዕ ንግዲ ኣብ ኣገልግሎት (General Agreement Trade on Services (GATS))፡ ስምምዕ ኣብ ሳንተሪን ፋይቶ-ሳንተሪን (Sanitary and Phyto-sanitary agreements)፡ ከምኡ ድማ ምስ ንግዲ ዝዛመዱ ማሳል መሃዝት (Trade Related Intellectual Property right (TRIPS)) እዮም።

ካብ 2001 ጀሚሩ ኣብ ትሕቲ ውድብ ንግዲ ዓለም ብምኻን ንፋልማይ ግዜኡ ብዝዕባ ንግዲ ዝተዘተየሉ ኣህጉራዊ ዝርርባት ግን ናይ ዶሓ (ርእሱ-ከተማ ቀጠር) ዙርያ እዩ። ቀንዲ ዕላምኡ ድማ፡ ኣብ ፍርያት ኢንዱስትሪ፡ ኣብ እትዋት ሕርሻን ጽላት ኣገልግሎትን ዝበረ ታሪፍ ንምጉዳል’ዩ ነይሩ። እዚ ይኹን’በር፡ ዝርርብ ዙርያ ዶሓ ኣይተዛዘመን። ኣብ ዋዕላ ዙርያ ንግዲ ዶሓ ምዕቡላት ሃገራት ኣብ ትሕቲ ‘GATS’ን ‘TRIPS’ ዝያዳ ክፉትነትን ተወሰኽቲ ስምምዓትን ንኽህልው ክደፍኣ እንከለዋ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ምዕቡላት ሃገራት ንጽላት ሕርሽአን ክኸፍታኦን ንብርኽት ዝበሉ ኣገደስቲ ዓይነት ኣቑሑ ናይ ድኻታት ሃገራት ፍሉይ ሓለፋን ናይ ታሪፍ ሕድገትን ክገብራለን ሓቲተን። በዚ ምኽንያት ክልቲኡ ተጻረርቲ ደምበ ክሰማማዕ ኣይከኣለን። ኣብ ክንድኡ ግና ዞባውያን ስምምዓት ንግዲ ተበጊሶም። ገሊኦም ኣብ መፈጸምታ ዝበጽሑ ክኾኑ ከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ገና ኣብ ማእከል ዝርርብ ዘለዉ እዮም።

. . . . . ይቕጽል

ሃማርያም የውሃንስ

(ሚ/ሃገራዊ ልምዓት)


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ኤርምያስ ገብረልዑል

ሺሃብ ኣርኣያ

ቊ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ። 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ | ምስጋና ተዓገስ
ሳራ ኣለም | ሰገን ሰረቐ
ሰማያዊት ሓይለኣብ | ኣስቴር ካሕሳይ

ሳምራዊት መለስ


## ሎሚ ኣብ ERI-TV


| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ዶክመንታሪ |
| 12፡30 | ዜና ትግርኛ |
| 12፡50 | ካብ ዞባታት |
| 13፡30 | ዜና ዓረብ |
| 13፡40 | ሄሎ ደባይዋ ብቐጥታ |
| 15፡30 | ሞዚይክ |
| 18፡00 | ዶክመንታሪ |
| 18፡30 | ተኸታታሊት ፊልም ስረፋሪፊት (14 ክፋል) |
| 20፡00 | ዜና ትግረ |
| 20፡10 | ቴራብ/ገለብ ደላን ብቐጥታ |
| 21፡00 | ዜና ትግርኛ |
| 21፡25 | ኩነታዊ ድራማ - መሰለት |
| 22፡00 | ዜና ዓረብ |
| 22፡10 | መ/ድራማ |
| 22፡30 | ዜና እንግሊዝ |



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሕማም ኣነሚያ




ኣነሚያ ወኒሉድ ዓቐን ሄሞግሎቢን (hemoglobin) ኣብ ደም ምስ ዝህሉ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ሄሞግሎቢን ኣብ ዋህዮታት ደም ዝርከብ፡ 'ኣይረን' ዝሓዘ ቀይሕ ዝሕብሩ ዝተጻመደ ፕሮቲን እዩ። ዕማም ናይዚ ፕሮቲንዚ፡ ኦክስጂን ተሰኪሙ ብደም ኣቢሉ ናብ ምሉእ ኣካላትና ምብጻሕ እዩ። ብዘይ እኹል ኦክስጅን፡ ዋህዮታት ሰብነትና ከምቲ ዝግብኦ ክንቀሳቐሱ ኮነ ስርሖም ክዓሙ ኣይክእሉን እዮም። ስለዚ፡ ዓቐን ሄሞግሎቢን ኣብ ደም ምስ ዓቐን ኦክስጅን ኣብ ደም ቀጥታዊ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ።

ዋሕዲ ሄሞግሎቢን ምስ ዋሕዲ 'ኣይረን' ኣብ ደም ክፈጥር ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ዋሕዲ 'ኣይረን' ዘለዎ ሰብ ድማ፡ ብሕማም ኣነሚያ ብቐሊሉ ክጥቃዕ ይኽእል። "ብኸመይ ዋሕዲ 'ኣይረን' ከጥቅዓና ይኽእል?" ዝብል ሕቶ ብቐዳምነት ዝስራዕ እዩ።

ሓደ ሰብ ኣዝዩ ዝተወሰነ መግቢ ጥራይ ምስ ዝወስድ ወይ'ውን ኣፍሱጻር ምስ እትኾውን እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ እንወስዶ መግቢ እኹል ማዕድን 'ኣይረን' ብዘይ ምህላው ብቐሊሉ ክስዕብ ዝኽእል ዓይነት ሕማም ኣይኮነን - ኣነሚያ። ሓደ ካብቲ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ ሕማም ኣነምያ፡ ሰብነትና ካብቲ ዝትክኦ ንላዕሊ ብቐልጡፍ ደም ከጥፍእ ምስ ዝርአ እዩ። ናብዚ ጸገምዚ ኪቃልዐና ዝኽእሉ ልሙዳት ጠንቅታት ከኣ ኣብ ከስዐ ወይ መዓንጣ መድመይቲ ምህላው እዩ። ብመኻሻር ናይ ከስዐን መዓናጡን'ውን ከም ጠንቅታት ክጥቀስ ይኽእል እዩ። ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት ኣብ ገለኣን ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ምፍሳስ ጽዑቕ ደም'ውን ከም ጠንቂ ይርአ እዩ።

ሓደ ብሕማም ኣነምያ ዝተጠቕዐ ሰብ ብኸመይ ከም ዝመጾ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ሓካይም ብቐሊሉ ክፍውስዎ ድማ ይኽእሉ።

### ደረጃታት ኣነምያ

ምልክታት ኣነምያ ብበደረጃኡ ዝተፈላለዩ ኮይኖም ካብ ቀሊል ክሳብ ሓደገኛ ክኾኑ ይኽእሉ። እዚ ሕማም'ዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ስርዓት ኣካላት ምልክታት ብምርኣይ ዝኸሰት ኮይኑ ቀልጢፉ እንተ ዘይተፈዊሱ ኣዝዩ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል።

ንቡር ደረጃ ናይ ሄሞግሎቢን ኣብ ደም ካብ 11 ክሳብ 18 ግራም ኣብ ደሲ. ሊትሮ ወይ ካብ 110 ክሳብ 180 ግራም ኣብ ሓደ ሊትሮ ኮይኑ ትሕቲ'ዚ ዝዕቀን ደማ ኣነምያ ንበሎ።

ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ጠንቅታት ሕማም ኣነምያ ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ዝያዳ ንምዝርዛርም፡-

- ዋሕዲ ደም፣
- ሕጽረት ምምስራሕ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ወይ ሄሞግሎቢን፣
- ብጾዕቂ ምማት ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም፣
- ብሰንኪ ሓደጋ ብዙሕ ደም ምፍሳስ፣
- ዋሕዲ ሃይድሮ ክሎሪክ ኣሲድ ኣብ ከስዐ፣
- ዘይተመጣጠነ መግቢ ምውሳድ፣
- ንነዊሕ ዓመታት ግዙእ ኣካላዊ ማስተ ምኻን ክጥቀሱ ይኽእሉ።

### ምልክታት ኣነምያ፡-

= ድኻም፣ ጸርወርው ምባል፣ ሕውዝውዝ ምባልን ሓይሊ ምስኣንን፣
= ሕጽረት እስትንፋስን ተደጋጋሚ ሕማም ርእስን፣
= ምውሳኽ ትርግታ፣
= ቈጸሊ ቀልጢፉ ዘይምሕዋይ፣
= ናይ ምዝካር ዓቕሚ ምጉዳል፣
= ቀጻሊ ስምዒታት ጽምኢ ምርኣይ፣
= ቁስሊ ኣብ ከንፈር ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

### ብኸመይ ይፍወስ?

ሓንሳብ ጠንቂ ናይቲ ተኸሲቱ ዘሎ ዋሕዲ 'ኣይረን' ወይ ኣነምያ እንተ ተፈሊጡ፡ ሓካይም መመሓእታ ናይቲ ማዕድን ዝኾኑ መድሃኒት ብምሃብ ብቐሊሉ ክፍውስዎ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ እቲ ጉዳይ/ሕመም ክዕብር ዝግብኦ ጥንቃቐታት ከም ዘሎ ግና ክንዝንግዖ የብልናን።

ሓደ በዚ ሕማም'ዚ ዝተጠቕዐ ሰብ፡ ኣብ ደሙ ዘሎ መጠን 'ኣይረን' ክሳብ ዝመሓየሽ ናብ ሕክምና ብምኻድ ብተደጋጋሚ/ ቀጻሊ ናይ ደም መርመራ ክካየድ የድሊ። ሻሂ፡ ቡን፡ ጸባን ወጽኢት ጸባን ከሎም'ዚኦም ኣካላትና ን'ኣይረን' መጸዩ ከትርፎ ንዘህልዎ ዓቕሚ የጉድልዎ እዮም። ስለዚ ክንወስዶም ኣይግብኣን። ደሚቕ ቀጠልያ ዝቖጽሎም ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ ተምርን ጥረታትን ድማ ልዑል ምንጪ ኣይረን እዮም። ስለዚ ብብዝሒ ክትምገቦም ይምረጽ። ብማዕድን ኣይረን ዝሃብተሙ፡ ከም ኩብዪ፡ ቀይሕ ሱር፡ ዓደስን ካልኦትን ዝለዓለ ኣይረን ስለ ዘለዎም ኣገደስቲ እዮም። ኣይረን ምውሳድ ንበይኑ እኹል ስለ ዘይኮነ፡ እቲ ዝተወስደ ኣይረን ኣብ ኣካላትና ተዓቂቡ መኣዝዊ ጥቕሚ ክህብ እቲ ሕሙም ቫይታሚን 'ሲ' ክወስድ ይግባእ - ለሚን፡ ኣራንሺ ወዘተ።

ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክልተ ሓብ ሚሊ ምውሳድ ንሕማም ኣነምያ ዝበለጸ መድሃኒት እዩ። ሚሊ ልዑል ትሕዝቶ ኣይረን ከም ዘለዎ ዘይምዝንጋዕ።

ምንጪ፡- Idea degezst

## ምቁጽጻር ሕርቃን




ሕርቃን ብቐሊሉ ክንቆጻጸር ዘይንኽእል ኣብ ህርመት ልብን ስርዓተ እስትንፋስ ኣካላትናን ከምኡ'ውን ኣብ ንጥፈታት ጭዋዳታትን ስርዓተ መትንን ልዑል ጽልዋ ዘለዎ መግለጺ ስምዒታትና እዩ። ሕርቃን ብቐሊሉ ተቖጻጺርና ክንኣልዮ ምስ ዘይንኽእል ድማ፡ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከም ዘቃልዐና ክኢላታት የመልክቱ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ኣዝዮም ሓራቓት ዝኾኑ ሰባት ካብቶም ህዱኣት ዝያዳ ንሕማም ልብን ወቕዕን ዝተቓልዑ እዮም።

ሕርቃንካ ብኸመይ ክትቆጻጸሮ ይግባእ?

እዞም ሕቶታት ብግቡእ ምምላሽ ሕርቃንካ ብቐሊሉ ንምቁጽጻር ይሕግዙኻ እዮም።

=> እቲ ኩነታት ብዝዕበኡ ንኽትሓርቕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ድዩ?

=> እቲ ኩነታት ዘሕርቕ ምኽንያት ምሉእ ብምሉእ ኣረጋጊጽካዮ ዲኻ?

=> ምሕራቕካ ዝምጽኦ እወታዊ ለውጢ ኣሎዶ?

ዋላ ናይዞም ሕቶታት መልሰኻ እወ እንተኾነ፡ ሓሪቕካ ተምጽኦ ለውጢ ከም ዘየለ ክተስተብህል ይግባእ። "ኣነ ከም ዝመስለኒ ከምዚ እንተኾነ ይሓይሸ፡ ናተይ ስምዒት ከምዚ እዩ ..." ዝብሉ ኣላዛብቲ ቃላት ክንጥቀም ዝበለጸ እዩ። ከምኡ'ውን ናይ ካልኦት ሰባት ሓሳባት ሰሚዒ ክትከውን የድሊ። ብቓላት ንኻልኦት ሰባት ኣይተጥቅዖ። ብልዙብ ተዛራቢ ክትከውን ፈትን።

ናይ ሕርቃን ስምዒታትካ ንምህዳእ ፈለማ ነቲ ኩነታት ብዝተፈላለየ ኩርነዓቱ ብምጥማት ክተጽሮ ፈትን። እዚ ንምግባር ነዞም ዝስዕቡ ስትራተጂካዊ መንገድታት ክስተብሃሎም ይግባእ፦

* ብውልቂ ዘይምርኣይ፦ እቲ ረገጽኻ ዝሓለፈ ኣውቲኣታ ስለ ዘይረኣየካ ክኸውን ይኽእል እዩ።

* ኣቐሊልካ ምርኣይ፦ እቲ መማህርትኻ ሰላም ኢሉካ ዘይሓለፈ ኣብ ገዛእ ሓሳብ ኣትዩዎ ክኸውን ይኽእል እዩ።

* ስምዒታዊ ተኻፋልነት ምኽኣል፦ ንኹነታት ብዋልኻ ጥራሕ ዘይኮነ ብዓይኒ ናይቲ ካልእ ሰብ'ውን ክትጥምቶ ፈትን።

* ሓታቲ ምኻን፦ እቲ ካልእ ኣንጻራዊ ጎንኻ እንታይ ማለቱ ምኻኑ ንምርዳእ ብዝግብኦ ሓቲትካ ምላሽ ክትረክብ ፈትን። ኑበስ ምክልኻል ምግባር ኣይትፍተ። ሓታቲ ወይ ኣመዛዚኒ ምስ ዘይትኸውን መልእኽቲ ናይቲ ኣንጻርካ ሰብ ብንጹር ከይፈለጥካ ዘድሊ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

* ኣብ ህሉው ኩነታት ኣተኩር፦ ነቲ ኩነታት ናይ ሕሉፍ ኩነታት እናዘከርካ ከተጉህሮ ኣይትፈትን።

ምንጪ፦ well and fitness

## ሓቅታት ኣካላት ወዲ ሰብ

ተመራመርቲ ብዙሓ ኣካላት ወዲ ሰብ ሓያሎ ምርምራት ኣካይዶም እዮም። ይኹን'ምበር ኣብ ኣካላት ወዲ ሰብ ዘሎ ሓቅታትን ትዕድልትን ዛጊት ብዕምቆት ክፈልጥዎ ኣይከኣሉን ዘለው። ኣካላት ወዲ ሰብ ዘደንቕ ቅርጺ ዝሓዘ እዩ። መረጋገጺ፡ እንተ ደሊኻ ነዞም ተዘርዚሮም ዘርከቡ ሓቅታት ኣካላት ወዲ ሰብ ንመልከት።

=> ብገምጋም ኣብ ሓደ በጽሒ 60 ሽሕ ማይልስ ዝኣክል ሻምብቆታት ደም ኣሎ። እዚ ድማ ንዓለምና ክልተን ፈረቓን ሳዕ ክዞራ ምኽኣሉ።

=> ኣእምሮና፡ ዋላ'ውን ደቂስና እንከለና፡ ስርሑ ኣብ ዘካይደሉ እዋን ክሳብ ንሓንቲ ንእሽቶ ኣምፑል ኩብርህ ዝኽእል 10 ዋት ሓይሊ ከመንጩ ከም ዝኽእል ይንገር።

=> ኣእምሮ ወዲ ሰብ ክሳብ 2.5 ሚልዮን ጂጋ ባይት ዝልክዕ ዳታ ክዕቅብ ይኽእል። እዚ ዳታ'ዚ ብመልክዕ ስእሊ ክሰድ እንተተኻኢሉ፡ 300 ሚእቲ ዓመት ርኢኻ'ውን ክትውድኦ ኣይትኽእልን።

=> ኣፍንጫና ክሳብ 50 ሽሕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጨና ከለሊ ተኽእሎ ኣለዎ።

=> ሓንጎልና ብመንገዲ ናይ ስምዒት መትኒ ተጠቒሙ ናብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላትና ሓበሬታ ይልእኽን ይቕበልን። እዚ ናይ ስምዒት መትኒ ኣብ ሰዓት 250 ማይል እናተጓዓዘ ናብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላትና ይበጽሕ።

=> ኣብ ኣካላትና እቲ ቀልጢፉ ዝዓቢ ጸጉሪ - ጭሕሚ እዩ። ብርግጽ፡ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ጭሕሙ ምስ ዘይላጸዮ ክሳብ 30 ጫማ ክበቅል ከም ዝኽእል ይንገር።

=> ንሰኻ ካብ ኣብ ግዜ ድሕሪ ቀትሪ ካብ ኣብ ቅድሚ ቀትሪ ብገምጋም ብፍርቂ ኢንች ዝነውሕካ ኢኻ። እዚ ክኸውን ዝኽእል፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ደቂስካ እንከለኻ ምኽንያት እዩ፡ ዲስክታት ዓንዲ ሕቖኻ ልዕሊ ዓቐን ፈሲሲ ስለ ዝመልእ እዩ።

=> ብርግጽ፡ ምቁር ነገር ሕማቕ ሽታ የብሉን። ናይ ሰብነትና ሕማቕ ሽታ ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ ታህዋሲያን (ባክተርያ) ምእንቲ ነገር ድሕሪ ምምጋቦም ብዘወጽዎ ቀልቀል ከም ዝፍጠር እዩም ክኢላታት ዝገልጹ።

=> ወዲ ሰብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ክሳብ 600 ሽሕ ዝሞቱ ዋሕዮታት ቆርበት ይጉሕፍ።

=> ወዲ ሰብ ኣብ መላእ ዕምሩ ብገምጋም ክሳብ 40 ፓውንድ ዝምዝን ቆርበት ይቕይር። ላዕለዋይ ክፋል ቆርበቱ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ብሓዱሽ ይቕየር።

=> ብገምጋም ሓደ በጽሒ ብ7 ኦክቲልዮን (7,000,000,000,000,000,000,000,000,000) 'ኣቶም' (ኣዝዩ ንእሽቶ ቢኢታ) ዝቖመ እዩ።

=> ክትህንጥስ እንከለኻ ስለምንታይ ኣዒንትኻ ይዕመት ክትፈልጥ ትደሊ እንተኾንካ፡ ምህንጣስ ኣብ ሰዓት ክሳብ 100 ማይል ሕንብበ ስለ ዘለዎ እዩ።

=> ሓደ ሰብ ብገምጋም ኣብ ሓደ ደቒቕ 13 ሳዕ ኣዒንቱ ሰሚ-ሰም የብል። ደቀንስትዮ ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ ኣዒንተን ሰም-ሰም የብላ።

=> ሓደ ሰብ ኣብ ምሉእ ዕምሩ ንሓደ መሐንበሲ ባኞ ክምልእ ዝኽእል ምራቕ ከም ዘፍሪ ይንገር።

=> ሓደ ካብቲ ንኣካላትና ዘድልዮ ማዕድን ሓጺን (iron) እዩ። ኣብ ኣካላትና ብገምጋም 3 ኢንች ዝቖሙ፡ መስመር ክሰርሕ ዝኽእል ኣይረን ይርከብ።

=> ዝዓበየ ዓጽሚ ኣካላትና፡ ኣብ ሰለፍና ዝርከብ ዓጽሚ (femur) እዩ። ካብ ኩብደት ሰብነትን ናይቲ ሰብ ብ30 ግዜ ዝዓቢ ኩብደት ክስከም ይኽእል። ካብ ሓጺን ዝተረረ ምኻኑ ይንገር።

=> ካብ ሓንጎል ዝመጸ መልእኽቲ ብመንገዲ መትንታት ኣብ ሰዓት ክሳብ 322 ኪሎ ሜትር (ኣብ ሰዓት ክሳብ 200 ማይል) ይሕንብብ።

=> ኣብ ሓደ በጽሒ ካብ ዘሎ ጠቕላላ ብዝሒ ዓጽሚ እቲ 25 ሚእታዊት ኣብ እግሩ ይርከብ።

=> እዝንን ኣፍንጫን ደቂ ሰባት ምሉእ ዕድሚኦም ምዕባይ ኣየቋርጹን እዮም።

=> ኣብ ኣፍና ካብ ህዝቢ ዓለም ዝዛይድ ብዝሒ ባክተርያ ይርከብ።

=> ኣስከሬን (skeleton) ናይ ወዲ ሰብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 10 ዓመታት ከም ብሓደሽ ይሕደስ።

=> ካብ ክፍሊ ኣካላትና ካብ ዝኾነ መጉዳእቲ ወይ ሕማም ብግቡእ ርእሱ ክሓዊ ዘይክእል ኣስናንና ጥራሕ እዩ።

=> ካብ ክፍሊ ኣካላትና ሻምብቆ ደም ዘይብሉ ኮርኒያ (ክፋል ዓይንና) እዩ። ኮርንያ ብቐጥታ ካብ ኣየር እዩ ኦክስጅን ዝወስድ።

ምንጪ፡- Idea degezt

# ኣንክሮ

ሺሃብ ኣርኣያ

## ዘይተፈትሑ ግድላት

ሕቶኡ ናሃና ኣብ ሰሜን ካናዳ ዝርከብ ቦታ'ዩ። ዕመር ጫካኡ ግመን ብርክት ዝበሉ ውዑያት ዓይኒ ማይን ዘለዎ ለሰ ናሃና፡ ኣብ'ቲ ቀራሪ ክፋሉ ካናዳ ብስብን እንስሳታትን ተሃራፊ ቦታ'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ደፈሩ ዝኣትዎ የለን። ናብኡ ዝኣተወ ርእሱ ጥራይ ስለ እትምለስ።

ገለ፡ እዚ ለሰ ናብ'ቲ ካልኣይ ዓለም ዘወስድ መንገዲ ከም ዘለዎ ይኣምኑ። ገለ ድማ፡ ኣብ ዓይኑ ሃልሃልታ ሓዊ ዘለዎ፡ በዓል ጸለም ካብ ብምዕዶ ኣብ'ቲ ለሰ ከም ዝርኣዩ ብምሕባር፡ ለሰ ዲያብሎስ ብምባል ይገልጽዎ። እቲ ብዙሓት ዝሰማምዑሉ ግን፡ ለሰ ናሃና ገና ከይቀረብካ'ዮ ግንብንብ ዘብልን ጸገርካ ዝኽይፍን ምዃኑ'ዩ።

ብትብዓቶም ዝልለዩ ቀያሕቲ ህንዳውያን ብወገኖም፡ "እቲ ቀዳማይ ኣቦሓጎና ናብ'ዚ ርኹሰ ቦታ ከይንኣቱ ኣጠንቂቑና'ዩ" ብምባል፡ ናብ ለሰ ናሃና ገጾም ተወር ኣይብሉን። ዋላ'ኳ ህንሓድሕዶም ብመሬትን መጓሰን ይበኣሱ እንተኾኑ፡ ንዕመር ለሰ ናሃና "ናተይ" ኢሉ ንዋንኑቱ ዝበኣሰን ጥራቱ ሐዙ ናብኡ ክኣቱ ዝፍትንን የለን። እቶም ቀያሕቲ ህንዳውያን ብዘረባ ኣቦሓጎታቶም ጥራይ ተብሪሶም ኣይኮኑን ንለሰ ናሃና ዝፈርህዎ። ኣብ ገማግም'ቲ ሩባ ዝተደርበየ ኣራእስ'ቶም ደፈርም ናብ'ቲ ለሰ ዝኣተዉ ሰባት ብምዕዛቦም እምበር። ቀያሕቲ ህንዳውያን ኣብ'ቲ ቦታ "ኣምፕሲያሚዳ" ዝጽዋዕ ብኣፉ ሓዊ ዝተፍእ ገዚፍ ፍጥረት ከም ዘሎ'ዮም ዝኣምኑ።



ኣብ መፋርቕ 18 ክ/ዘ ጆን ቦተር ዝተባህለ ዳህሳሲ፡ ስንቁን ብረቱን ሐዙ ናብ'ቲ ለሰ ንምእታው ተበገሰ። እቶም ቀያሕቲ ህንዳውያን ብወገኖም ከጠንቅቑዎ'ኳ እንተፈተኑ፡ ዝረባኦም ግዲ ከይገበረ'ዩ ናብ'ቲ ለሰ ኣትዩ። ክሳብ ኣብ'ቲ ዕመር ጫካ ኣትዩ ካብኦም ዝኸወል ድማ ብኣዒንቶም ኣሰነይዎ። ድፍረት ጆን ግን ካብ ምስጢራዊ ግድል'ቲ ለሰ ከገላግሎ ኣይከኣለን። ድሕሪ ሳልስቲ'ዩ ርእሱ፡ ብረቱ እቲ ተማሊኡዎ ዝኣተወ ስንቅን ኣብ ገማግም'ቲ ሩባ ተደርብዩ ጸኒሑ።

ካብ ዛንታ ጆን ክምኩሩ ዘይደለዩ ዓደንቲ ወርቂ ናብ'ቲ ለሰ ብምምጻእ ቴንዳኦም ዘርግሑ። እቶም ብዊልያምን ፍራንክ ማልኮይድን ዝተባህሉ ክልተ ኣሕዋት ዝምርሑ ዓደንቲ፡ ቀያሕቲ ህንዳውያን ኩነ ኢሎም፡ ካልእ ሰብ ደፈሩ ንዘሎብ'ቲ ለሰ ከይምዝምዝ ዝፈብረኹዎ ዛንታ ምዃኑን፡ ንሰቦት ንምድሃል ድማ ኣብ'ቲ ጫካ ጸኒሖም ንግዳያት ቀቲሎም ኣራእሶም ከም ዝደርብዩ ብምእማን'ዮም፡ "ኣብ'ቲ ለሰ ዝኾነ ጸገም የለን" ብምባል፡ 44 ሰራሕተኛታት ብረቶምን መሳርሒኦምን ተኸቲሎሞ ኣብ 1969ዓ.ም ናብ ለሰ ናሃና ዝኣተዉ። ንጽባሒታ ከኣ ዝምልከቶም ሰበ ስልጣን'ቲ ዞባ 44 ርእሲ ግዳያት ኣልዓሉ። ካብ ሽዑ'ዩ ድማ መንግስቲ ካናዳ ንለሰ ናሃና ብምሕጻር፡ ክሳብ ግድሉ ዝፍታሕ ዝኾነ ሰብ ናብኡ ከይኣቱ ዝኽልክል ዓቢ ቀይሕ ጽሑፍ ዝሰቀለ። ጸኒሑ ግን፡ ኣራእስ'ቶም ደፈርም ኑቲ ምስጢር ንምፍታሕ ዝኣትዉ ሰባት ተደርብዮ ይርኣ። ሕቶኡ ናሃና ብበጻሕቲ ተበዚሒ'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ናብኡ ዝኸደ በጻሒ ዳግማይ ክምለስ ኣይደፍርን'ዩ። ዳርጋ ኩሎም "ዘፍርህ ተመክሮ ኢና ኣሕሊፍና" ብምባል'ዮም ንዕዶቶም ዝገልጹ። ኣብ 2001ዓ.ም 15 ሰባት ዘለዎ ጉጅለ በጻሕቲ ንትእዛዝት ብምጥሓሱ፡ ናብ ኣፍደገ'ቲ ለሰ ቀሪቦም ኑቲ ጫካ ክዕዘብዎ ፈተኑ። ኣብ መንጎ ግን ሃንደበት ድሙቕ ብርሃን ንኣዒንቶም ብምድንጻዕ ብምሉኦም ሃለዋቶም ኣጥፊኦም ኣብ መሬት ወደቑ። ምስ ተበራበሩ፡ ገለ "ድሕሪ'ቲ ብርሃን ዝፈለሰ ሕማቕ ጨና'ዩ ሃለዋትና ኣጥፊኡዎ" ክብሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ድማ ናይ'ቶም "ዩፎ" ዝጽውዑ ፍጥረታት እትመስል ከቡብ መንኮርኮር ክትዓልብ ከም ዝተዓዘቡ ተዛሪቦም። ብዘዕባ ሕቶኡ ናሃና ብዙሕ'ዩ ዝዝረብ። መልሲ ዘይብሎም ዘይተኣደኑ ሕቶታት ድማ ኣለዉ። መን'ዩ ኑቶም ግዳያት ቀቲሉ ኣራእሶም ጥራይ ዝድርብይ? ተረፍ ኣካላቶምከ ናበይ ከይዱ? ሓቀኛት እቲ ብዘተፈላለዩ ሰባት ተራእዩ ዝተባህለ እንስሳ፡ መርከብ "ዩፎ"ን ከ?. . . እቲ መልሲ ምስኦም ግዳያት ጥራይ'ዩ ዘሎ። ንሕና'ውን ንግድል ሕቶኡ ናሃና ምስ ተፈትሐ ኢና ክንነፈልጦ።

> **ኣጋጣሚዶ ትብልዎ?**
>
> ኣልሓጅ መሰጣፉ ኣልሃሺሚ ፍልስጤማዊ ኣቦ'ዩ። ንሱ፡ ምስ በዓልቲ-ቤቱ ከዲጃ ቅድሚ 50 ዓመት'ዩ ተመርዕዩ። ደቂን ደቂ-ደቁን ድማ 40 በጺሖም ኣለዉ። እቲ ዘገርም ግን፡ ኣብ ሰድራ መሰጣፉ ወዲ ዝበሃል የለን። ንሱ ወዲ ኣይወለደን። እተን ተመርዒየን ናብራኣን ዝመርሓ ዘለዋ ዓሰርተ ኣዋልድ ደቂ ድማ፡ ኣዋልድ ጥራይ'የን ወሊደን።

## ህዝብታትን ባህልታቶምን



ገዝሚ ምስ ኩሉ ሃሰያኡ ሓደ ካብ ወግዒታት መርዓ'ዩ። ደውሓድ ይብዝሕ፡ ብዓይነቱ'ውን ይፈላለ፡ ባህሊን ልምዲን ገዝሚ ዳርጋ ኣብ ኩለን ሕብረተ-ሰባት እዩ ዝፍጸም። ኣብ ገሊኡ እንዳ ወዲ ንእንዳ ጓል፡ ኣብ ገሊኡ'ውን ብኣንጻሩ'ዩ ዝወሃብ።

ኣብ ገጠራት ዌልስ መርዓዊ ንመርዓቱ ጸዕዳ ፈረሰን ካብ ዕንጨይቲ ዝተሰርሐት ማንካን የግዝም። ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ገዝሚ ከከም ጽባቐ'ታ መርዓት ብኹብቲ'ዩ ዝወሃብ። እታ ጉርዞ ጽብቕትን ጓል ሃብታማትን ምስ እትኸውን ድማ፡ ገዝማ ክሳብ 200 ኩቡቲ ክበጽሕ ይኽእል። ሃብታማትን ከግዝሙ ዝኽእሉን፡ ብርክት ዝበላ ኣንስቲ ክምርዓዉ ይኽእሉ። ገዝሚ ንኣቦ ጓል'ዩ ዝወሃብ። እንተኾነ ግን፡ እታ ጓል ፍትሕ ምስ እትሓትት ኣቦኣ ኑተን ከም ገዝሚ ዝወሰደን ኩቡቲ ክመልስ ይግደድ። ውላደን ግን ንዓኡ'ዩ። ከም ተወሳኺ'ውን እታ ፍትሕቲ ካልኣይ ግዜ ምስ እትምርዖ፡ እቲ ሓድሽ ሰብኣያ ኑቲ ናይ ቅድም ክልተ ኩቡቲ ይህቦ።

ኣብ ሞውሪታንያ ገዝሚ ብመጠን ግዝፊ መርዓት'ዩ ዝግመት። ገዛፍ ከም ጽብቕትን ጓል ርኹባትን ስለ እትሕሰብ፡ ንመርዓ ተብሃጊት'ያ። ህጻን ሞውሪታንያ ጓል ትሽዓተ ዓመት ምስ ኩነት፡ "ለብሉሕ" ዝጽዋዕ ኣሰቃቒ ናይ ምስባሕ መደብ ይካየደላ። ኣብ ደቡብ ቻይና ገዝሚ ጓል ክልተ ኪሎ ሃመማ'ዩ። ኣብ'ቲ ቦታ መርዓዊን ኣዕሩኽን ኣብ እንዳ ጐሓፍ ኩይኖም ብዝተፈላለዩ ሜላታት ሃመማ ክኣርዩ ምርኣይ ልሙድ'ዩ። ንሶም ኑቲ ሃመማ ኣንቂጾም ንኣቦ ጓል ይህብዎ። ንሱ'ውን መዚኑ ይቕበሎም። ኣብ ኬንያ ገዝሚ ጓል 20 ኣጣልን 3 ኣግማልን 10 ኩቡትን ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ባንጋል ግን፡ ክልተ ኣጣል'ዮም ከም ገዝሚ ዝህቡ። ኣብ ደሴት ባቡኒው ጊኒ ጓል ክትወሰድ እንተደሊኻ፡ 25 ጭራ ኣናጹ ክትእኩብ ኣለካ። እዚ ወግዒ ኣብ'ታ ደሴት ቅድሚ ሓደ ዘመን ዝጀመረ'ዩ። ኣናጹ ነታ ደሴት ምስ ወረራኣ፡ መራሒኣ ከም ኣካል'ቲ ኑተን ኣናጹ ንምጥፋእ ዝሓሰቦ መደባት፡ ዝኾነ ክምርዖን ካልእ ኣጋጣምን ዘለዉ ነባሪ ከከም ዓይነት'ቲ ውራይ ኣናጹ ብምቕታል ፍቓድ ክወሃቦ ዘገድድ ሕጊ ድሕሪ ምትእትታዉ፡ ኣብ ሽዑ ከም ኣካል ባህሊ ባቡኒው ጊኒ ኩይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ ሮሜንያ ገዝሚ ጓል ሓሙሽተ ጸዕዳ ባኒ'ዩ። ባኒ ክበሃል እንከሎ ቀሊል ነገር ክመስል ይኽእል'ዩ፡ እንተኾነ ግን፡ ኣደ ወዲ ነዚ ገዝሚ ብፍሉይ ኩተዳሉ ዓመት ምሉእ'ዩ ዝወሰደላ።

ኣብ ፓኪስታንን ህንዲን ገዝሚ ብእንዳ ጓል'ዩ ዝወሃብ። እንዳ ጓል ኩሉ ወጻኢታት መርዓ ዝሸፍኑ ብምዃኖም፡ ወለዲ መርዓት ካብ መቕርብን ጉረባብትን ብምልቃሕ'ዮም ንጓሎም ዘግዝሙ። ኣብ ገለ ከባቢታት'ውን "ገዝሚ ብመርዓት" ዝበሃል ኣሎ። ኑቲ ገዝሚ፡ ጓል ሂብካ ሓፍቲ መርዓዊ ብምውሳድ የደቓቕስዎ ማለት'ዩ።

ትብዓትን ምልኩት ሳዕሳዒትን'ውን ኣካል ገዝሚ'ዩ። ኣብ ኒጀር፡ መርዓዊ ኣብ ቅድሚ መርዓቱ ደው ኢሉ ብምቁጽጻይ'ዩ ገዝማ ዝህባ። ኣብ ታንዛንያ ገዝሚ ጓል ፋረ-ኣንበሳ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ደሴት ፊጂ ድማ ሰለስተ ሰኒ ሻርክ ዝጽዋዕ ዓይነት ዓሳ'ዩ። ኣብ ቀቢላ ጃዓልያ ኣቦ ጓል ንመርዓዊ 20 ኩርማጅ ብምግራፍ'ዩ፡ ገዝሚ ጓሉ ዝወሰድ። እዚ ባህሊ፡ መርዓዊ ብትእዛዛት ሓሙኡ ተቐይዱ ከም ዝኸይድ ንምምልኻት ዝግበር'ዩ።

እቲ ዝቐለለ ኣገባብ መርዓ ኣብ ደሴት ካርዩካ ዝካየድ'ዩ። ክልተኦም ተጻመድቲ ናብ መራሒ'ታ ቀቢላ ብምኻድ፡ ክምርዓዉ ድልየት ከም ዘለዎም ይሕብርዎ'ሞ፡ ንሱ ድማ ኣራእሶም ነንሓድሕዱ ድሕሪ ምግጫዉ፡ ካብ ሽዓ ሰብኣይን ሰበይትን ይኾኑ። በቃ ገዝሚ፡ ቶርታን ባንድን ዘይብላ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ዚ ምዕቡል ዓለምና ካብ ዝተራእዩ ኣገረምቲ ዓይነታት ገዝሚ ወስ ክንብል።

ራጃ ኻን ዝተባህለ ሃብታም ህንዳዊ፡ ብዘይካ ንወጻኢታት እቲ ሸውዓተ ሚልዮን ዶላር ዝወደአ መርዓ ጓሉ፡ ከም ገዝሚ ንእንዳ ወዲ 110 ሚልዮን ዶላር ሂቡ።

ኣብ የመን ኣልዓያሸ ዝተባህለ ኣቦ ድማ፡ ኑቲ ጓልካ ሃበኒ ዝበሎ መንእሰይ፡ "ከም ገዝሚ፡ ኣብ ናይ ፈስቡክ ሕሳበይ ሓደ ሚልዮን ላይክ ኣመዝግበለይ" ኢልዎ ንበለኩም።

> **ክገርመኩም!**
>
> ቪክቶር ያዚኒስኪ ሩሲያዊ ሌባ'ዩ። ናብ መንበሪቤት ኣልጋ ብዝተባህለት መንእሰይ ክሰርቕ ኢሉ ምስ ኣተወ፡ ዘይሓሰቦ'ዩ ጸኒሕዎ። ንሱ ናብ'ታ ተለቪዥን ትከታተል ዝነበረት ኣልጋ ሸጉጡ ሐዙ ብምቕራብ፡ "ዘለኪ ኣራግፊ" ክብላ እንከሎ፡ ብፍርሒ ፈጥፈጥ ኢላ፡ ዘለዋ ክትህቦ'ዩ ነይሩ ግምቱ። እንተኾነ ግን ኣብ ኮንጉፉ ዝተባህለ ዓይነት ካራተ ቀይሕ ቁልፊ ዝነበራ ኣልጋ፡ ንቪክቶር ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ'ያ ኣእትያቶ። ክሳብ ዝኣኽሎ ምስ ተሳህለቶ፡ ዝነበራ ረሳሕ ኣንስላን ሽጉማኖን ከም ዝሓጽብን ዘስታርርን ንገዛኣ ከም ዘጽርን ብምግባር፡ ምሉእ ለይቲ ኣብ ሸቓቕ ዓጽያቶ ሓደረ። ንጽባሒታ'ውን ብተመሳሳሊ "ሰርቂ ጌጋ'ዩ" እናበለት ብምኽትኻት፡ ኑቲ ኣቐዲሙ ዝሓጸቦ ኣንስላን ሽጉማኖን ዳግማይ ክሓጽብን ከስታርርን ኣዘዘቶ። ቪክቶር ንመዓልቲ ሓንቲ ቢኒ ጥራይ እናበልዐ፡ ክኽትክትን ኣንሶላታት ክሓጽብን ሳልስቲ ምስ ገበረ፡ ኣልጋ 50 ዶላርን ሓድሽ ስረን ሂባ "ንፋዕ" ኢላ ኣፋንያቶ። ክንዲዚ ማህረምትን ግዱድ ስራሕን ዝወረዶ ሌባ ዳግም ክሰርቕ ኢሉ ናብ'ቲ ቦታ ከም ዘይመጽእ ርጉእ'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣልጋ ኣብ ደገ ኣምሲያ ናብ ገዝኣ ምስ ኣተወት ሕጂ'ውን እቲ ዘይሰክሐ ሌባ ኣብ ገዝኣ ክገራጉር ጸንሓ። ቪክቶር ኣይተሃመለን፡ ኣልጋ ናብኡ ምስ ቀረበት ነታ ኣብ ኢዱ ሐዙዋ ዝነበረ ሞባይል ብምጥዋቕ ባዕሉ'ዩ "ርድኡኒ" ክብል ናብ ኣባላት ፖሊስ ዝደወለ። ካብ ኣብ ሸቐእቕ ተዓጺኻ ኣንሶል ምሕጻብ፡ ቤት ማሕቡስ ይሓይሽ ብምባል።

## እመኑ ኣይትእመኑ

ጎንዶሊን ፊሸር ጆርዲና እናኾስኩሱት እንከላ'ያ፡ ካትም ቃል ኪዳና ጠፊኣታ። ደጋጊማ ድሕሪ ምፍታሻ ክትረኽብ ብዘይምኽኣላ፡ ሕማቕ እናተሰምዓ'ያ ተሰፋ ቀሪጻ። ድሕሪ ሸዱሽተ ወርሒ ግን፡ ጎንዶሊና ነታ ካብ ጆርዲና ዘምጽኣታ ዱባ እናመተረት እንከላ፡ እታ ካትም ካብ ማእከላ'ታ ዱባ ናብ መሬት "ጭል" በለት።



ሕጊ

ንስነትን ዕብየትን

ብሚኒስትሪ ፍትሒ ዝዳለ ሲቪካዊ ኣስተምህሮ

# ፍረ - ገበን ዝኾነ ንብረት ምቕባል

ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ምቕባል ወይ ምሕባእ ዘቕጽዕ ገበን፡ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ተደንጊጉ ይርከብ። እዚ ተግባር'ዚ ብገበን ዘሕትት ተግባር ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ምቕባል ወይ ምሕባእ፡ ምስቲ ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝተፈጸመ ፈላሚ ገበን ጥቡቕ ምትእስሳር ስለዘለዎን፡ ዝኾነ ገበናት ምክልኻል ኣብ ዝድለየሉ ኑፅም ከምኡ ዝኣመሰለ ንብረት ዝቕበሉ ሰባት ከይቀጻዕካ ውጽኢታዊ ስለ ዘይከውንን ኢዩ።

ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቕሰ ተግባር ምፍጻም ከም ገበን ዝውሰድ ምኽንያት ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ፡ ናይ'ዚ ጽሑፍ ቀንዲ ኣድህቦ ግን፡ ኑቲ ገበን ከም ሓድሽ ኣርእስቲ ንምቕራብ ዘይኮነ፡ ኣብ ኣተገባብራ ናይ'ቲ ጉዳይ ከጋጥሙ ንዝኽእሉ ንመረዳእታን ኣተረጓጉማን ሓገዝቲ ዝኾኑ ነጥብታት ንምዕማቕ ዝኣክል ጥራይ ኢዩ።

ፍረ-ገበን ክበሃል ከሎ፡ ተደጋጊሙ ዘጋጥም ዝተሰርቀ ንብረት ምቕባልን ምሕባእን'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣምር ኣብ ሰርቂ ጥራይ ዝተሓጽረ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ሰፍሕ ብዝበለ መልክዑ ንካልኦት ገበናት እውን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

**ትርጉም**

ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ምቕባል ማለት፡ ዝኾነ ንብረት ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝተወስደ፡ ዝተሰረቀ ወዘተ ምዃኑ እናፈለጥካ ምቕባል፡ ምግዛእ ወይ ምውሳድ ማለት ኮይኑ፡ ገበናዊ ተግባር ድማ ኢዩ። ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ምቕባል፡ ኑቲ ናይ ፈለማ ገበን ብዝምልከት ካብ ዝተፈጸመ ተግባር ተፈልዩ ዝርአ ገበን ኮይኑ፡ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ምዃኑ እናፈለጥካ ወይ እናኣመንካ ክለኻ ዝፍጸም ገበን'ዩ።

ሓደ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ዝቕበል ሰብ፡ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ምዃኑ ካብ ምፍላጥ ብተወሳኺ፡ ኑቲ ወናኒ ንብረት ኣብ ልዕሊ'ቲ ንብረቱ ዘጸንሖ መሰላት ኣወጊዱ ናይቲ ንብረት ብዓል እጆታ ንክኸውን ዝፍጽም ገበን ከም ዝኾነ ምርዳእ ይከኣል።

ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ናይ ምቕባል ገበን ተፈጺሙ ንክበሃል፡ ኣርባዕተ ነጥብታት ክማልኡ ይግባእ። ንሳቶም ከኣ፦

1. እቲ ንብረት ተቐባሊ ክህልዎ ኣለዎ፣
2. ኣብቲ ግዜ ምቕባል፡ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ክኸውን ኣለዎ፣
3. ተቐባሊ፡ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ከም ዝኾነ ገበናዊ ኣፍልጦ ክህልዎ፡ ከምኡ'ውን
4. ተቐባሊ፡ ናይ ምቕባል ድሌቱ ኣብ ጉሕለት ዝተመርኮሰ ክኸውን ኣለዎ።

ምቕባል ክበሃል ከሎ፡ ንሓደ ንብረት ምቁጽጻር፡ ናይ ሓደ ንብረት በዓል እጆታ ምዃን፡ ኑቲ ንብረት ከም ትሕጃ ሒዝካ ልቓሕ ምሃብ ወዘተ የጠቓልል። እቲ ዝቕበል ዘሎ ሰብ ከኣ፡ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ምዃኑ ክፈልጥ ወይ'ውን ፍረ-ገበን ክኸውን ከም ዝኽእል ዝኣምን ክኸውን ኣለዎ።

"ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት" ኣብ ዝበሃለሉ ግዜ፡ 'ንብረት' ዝብል ቃል ንገንዘብን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣቕሑትን የጠቓልል። ስለ'ዚ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ዝተረከበ ሰብ፡ ናይቲ ንብረት እጆታ ወይ ምቁጽጻር ክህልዎ ኣለዎ፡ ወይ'ውን ኣብቲ ንብረት ናይ እጆታ ወይ ምቁጽጻር ብጽሒት ንክህልዎ፡ ምስ ካልኦት ሰባት ዝተሻረኸ ክኸውን ኣለዎ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልጸ፡ "ምቕባል ንብረት" ከም ገበን ተወሲዱ ዘቕጽዕ ንክኸውን እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ኮይኑ፡ እቲ ተቐባሊ ከኣ ፍረ-ገበን ምዃኑ ዝፈልጥ ወይ ዝኣምን ምስ ዝኸውን ኢዩ። "ክፈልጥ ኣለዎ" ዝብል ሕልናዊ ረቛሒ ተማልኡ ምህላዉ ኣገዳሲ ነጥቢ ኢዩ። ኣብ ዝበዝሑ ጉዳያት፡ ገበናዊ ኣፍልጦ ንምርግጋጽ ኣጸጋሚ'ኳ እንተኾነ ዘይከኣል ግን ኣይኮነን። ስለዚ፡ ናይ'ቲ ኣረኻኽባ ባህሪ፡ ኑቲ ተቐባሊ ገበነኛ ኢዩ ናብ ዝብል መደምደምታ ዘብጽሕ ጥራይ ኢዩ ዝኸውን። ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ህዝባዊ መዘናግዒ ቦታ ካብ ዝረኸቦ ዘይፈልጦ ካልእ ሰብ ሓደ ኣቕሓ ብሕሱር ዋጋ እንተድኣ ገዚኡ፡ እቲ ኣቕሓ ዝተሰረቀ ምዃኑ ይፈልጥ ኔሩ ኢልካ ኣብ መደምደምታ ምብጻሕ ዘኸኣል ኣይኮነን። ኮይኑ ግን እቲ ኣቑሑ ዝተሰርቀ ምዃኑ ክግምት ዘኽእልዎ ዝበቑ ምኽንያታት ብመርትዖ ክረጋገጹ ስለ ዝኽእሉ፡ ናይ ሰርቂ ንብረት ከም ዝኾነ ክኣምን ይግብኦ ኔሩ ኣብ ዝብል መደምደምታ ክብጻሕ ይከኣል። ብኸምዚ ኣቓዲሙ ዝተገልጸ ኩነታት ኑቲ ንብረት ዝተረከበ ሰብ ይፈልጥ ምንባሩ ወይ ከኣ ክፈልጥ ዝግብኦ ምንባሩ ብመርትዖ ብምስናይ ገበናዊ ኣፍልጦ ምንባሩ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ዘይሰገር ነጥቢ ኢዩ።

ስለ'ዚ ሓደ ሰብ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ተረኪቡ ክንብሎ ንኽእል፡ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ምዃኑ እናፈለጠ ወይ ፍረ-ገበን ምዃኑ ክኣምን እናተገብኦ ብዘይቅኑዕ መንገዲ ምስ ዝርከቦ ወይ'ውን ብዘይቅኑዕ መንገዲ ኣብ ናይቲ ንብረት ምሓዝ፡ ምልጋስ፡ ምውጋን ወይ ምልውዋጥ ዝተዋስአ ወይ ዝተሓጋገዘ ምስ ዝኸውን ኢዩ።

ካልእ ክለዓል ዝግብኦ ነጥቢ፡ ንኣብነት ኑቲ ንብረት ሰሪቑ ተባሂሉ ብገበን ዝተኸሰሰ ሰብ ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ኣይኮነን እንተድኣ ተባሂሉ፡ ኑቲ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ካብኡ ተረኪቡ ተባሂሉ ክሲ ዝቐረበሉ ሰብ'ውን ብቐጥታ ክጸሉ ዝኽእል ፍርዲ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ሰርቂ እንተዘይሃልዩ ተረኪቡዎ ዝበሃል ዝተሰረቐ ንብረት ክህሉ ከም ዘይክእል መደምደምታ ኩብጽሓሉ ስለ ዝኽእል። ብካልእ ኣዘራርባ፡ እቲ ሰራቒ ከም ዝኾነ ተገሊጹ ክሲ ዝቐረበሉ ሰብ ገበነኛ ኣይኮነን እንተድኣ ተባሂሉ ናጻ ኢዩ ማለት'ዩ። ናጻ ካብ ኮነ ከኣ ኣይሰረቐን ማለት ስለዝኾነ፡ ዝተሰረቐ ንብረት ከይሃለወ ዝተሰረቐ ንብረት ተረኪቡ ዝበሃል ሰብ እውን ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ኣብ'ዚ ክፍለጥ ዝግብኦ ግን፡ ክሱስ ብሰርቂ ገበነኛ ኣይኮነን ምባልን ሰራቒ ኣይተረኸበን ምባልን ተፈላልዮም ክረኣዩ ዘለዎም ምኽንያት ኢዩ። ክሱስ ገበነኛ ኣይኮነን እንተድኣ ተባሂሉ ገበን ኣይፈጸመን ከም ማለት'ዩ። ገበን እንተዘይተፈጺሙ ከኣ ሰርቂ የለን፡ ሰራቒ ከመሓላልፎ ወይ ክረክቦ ዝኽእል ንብረት እውን የለን ናብ ዝብል መደምደምታ ክብጻሕ ይከኣል።

እቲ ዝሰረቐ ሰብ ኣይተረኸበን እንተድኣ ተባሂሉ እሞ ኑቲ ናይ ሰርቂ ንብረት ዝተረከበ ሰብ ግን እንተሃልዩ ዘይከሰሰሉ ምኽንያት ግን የለን። እቲ ዝተሰረቐ ንብረት ተረኺቡ እንተድኣ ተለልዩ እሞ ሒዝዎ ዝተረኸበ ሰብ ከኣ እንተሃልዩ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ሒዙ ተረኺቡ ተባሂሉ ይኽሰስ። እቲ ቀንዲ ሰራቒ ኣይተረኸበን ማለት፡ (ገበን ዝፈጸመ ሰብ ከይትሓዝ ስለ ዝኽእል) ናይ ሰርቂ ገበን ኣይተፈጸመን ማለት ኣይኮነን።

ከም ካልእ ኣብነት'ውን፡ እቲ ንብረት ዝሰረቐ ሰብ ዕድሚኡ ካብ 12 ዓመት ንታሕቲ ኮይኑ እንተተረኺቡ ብገበን ስለ ዘይክሰስ፡ ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ክበሃል ኣይክእልን ኢዩ። እቲ ትሕቲ ዕድመ ገበነኛ ኣይተባህለን ምባል ግን ኑቲ ንብረት ካብኡ ዝተረከበ ሰብ እንተሃልዩ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ብምርካቡ ብገበን ኣየሕትቶን ኢዩ ማለት ኣይኮነን።

ሓደ ንብረት ፍረ-ገበን ኢዩ ምስ ዝበሃል፡ እቲ ዝ. ንብረት ዝርከብ ሰብ ፍረ-ገበን ምዃኑ ዝፈልጥ ወይ ዝኣምን ዝነበረ ክኸውን ኢዩ ዘለዎ። ብካልእ ኣዘራርባ፡ 'ምፍላጥ' ወይ 'ምእማን' ክበሃል ከሎ ሓደ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ሒዙ ዝተረኸበ ሰብ እቲ ንብረት ዘረክቦ ሰብ ዋና ንብረት ዘይኮነ ብዘይሕጋውን ገበናውን መገዲ ኣብ እጆታኡ ዘእተዎ ምዃኑ ምፍላጥ ወይ ምእማን ዘጠቓልል ኢዩ።

**ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ምቕባል ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ**

ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ፡ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ናይ ምቕባል ገበን ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፦

"ዝኾነ ሰብ፡ ሓደ ኣቕሓ ኣብ ልዕሊ ንብረት ብዝተፈጸመ ገበን ዝተረኸበ ምዃኑ እናፈለጠ ወይ ክኣምን እናተገብኦ ነዚ ብገበን ዝተረኸበ ኣቕሓ ዝተቐበለ፡ ዝገዝአ፡ ብልቓሕ፡ ብህያብ ወይ ብትሕጃ ወይ ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ዝወሰደ፡ ዝሀለኸ፡ ዝሓዘ ወይ ዝሓብአ፡ ዝሸጠ ወይ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝሓገዘ ምስ ዝኸውን፡ ብፈኩስ ማእሰርቲ ወይ ብመሰረት ኩብደት ናይቲ ገበን፡ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ብዘይበዝሕ ጽኑዕ ማእሰርትን ብናይ ገንዘብ መቕጻዕትን ይቕጻዕ።"

ብተወሳኺ፡ ገበናዊ ሕጊ ናይቲ ፍረ-ገበን ለውጢ ወይ መተካእታ ዝኾነ ገንዘብ ወይ ኣቕሓ ንዝተቐበለ'ውን ብገበን ዘኽስስ ተግባር ምዃኑን ብተመሳሳሊ መቕጻዕቲ ከም ዘቕጽዕን ይድንግግ። ብካልእ ኣዘራርባ፡ እቲ ዝተሰረቐ ንብረት ዓይነቱ ዋላ እንተቐየረ፡ መበገሲኡ ገበን ስለዝኾነ እቲ ለውጢ እውን ናይ ፍረ-ገበን ባህሪ ሒዙ እዩ ዝጐዓዝ ማለት ኢዩ።

ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተገለጸ ዓንቀጽ፡ 'እናፈለጠ' ዝብል ነጥቢ ብዙሕ ዘከራኽር እውን ኣይመስልን ኢዩ። ምኽንያቱ ኑቲ ንብረት ዝርከብ ዘሎ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ከም ዝኾነ እኹል ኣፍልጦ ከም ዝነበሮ ክረጋገጽ ዝጠልብ ስለ ዝኾነ። ከምኡ ብምዃኑ ከኣ ኑቲ ንብረት ክርከቦ ወይ ክወስዶ ከሎ ኮነ ኢሉ ዝፍጽሞ ዘሎ ተግባር ስለዝኾነ፡ በዚ ተጠቒሱ ዘሎ ዓንቀጽ ንምኽሳሱ ብዙሕ ዘማትእ ኣይኮነን።

'ክኣምን ወይ ክፈልጥ እናተገብኦ' ትብል ካልኣይቲ ነጥቢ ግን፡ ሓደ ሰብ ፍረ-ገበን ዝኾነ ንብረት ይወስድ ወይ ይርከብ ምህላዉ ክኣምን ወይ ክፈልጥ ዝግብኦ መዓስን ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታትን ክኸውን ኣለዎ ዝብሉ ሕቶታት ንምምላስ ካብ ጉዳይ ናብ ጉዳይ ዝተፈላለየ መደምደምታ ኩብጽሓላ ስለ ዝከኣል ኣካታዒት ክትከውን ትኽእል። ንኣብነት ሓደ ሰብ ዝኾነ ንብረት ኣብ ፍሉጥ ወይ ዝውቱር ዕዳጋ፡ ብርትዓዊ ዋጋ እንተድኣ ገዚኡዎ፡ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን እኳ እንተኾነ ክፈልጥ ነይርዎ ዝብል ኩነታት ስለ ዘይህሉ ብቕኑዕ ሕልና ከም ዝገዝኦ ኢዩ ዝቑጸር። ሓደ ምኽኑይ ሰብ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ምዃኑ ምፈለጠ ነይሩ ዝበሃል እንተኾይኑ፡ እቲ ተኸሲሱ ዝቐረበ ሰብ እውን ምፈለጠ ኔሩ ናብ ዝብል መደምደምታ ኩብጽሕ ዝኽእል ስለ ዝኾነውን ካብ ተሓታትነት ክድሕን ኣይክእልን ኢዩ። ሓደ ሰብ ሓደ ንብረት እንታይ ምዃኑ ይፈልጥ ኔሩ ኢዩ ኣብ ዝበሃለሉ ግዜ፡ እቲ ንብረት ኣብ ሓደ መረጋገጺ ዓሊቡ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ክኣምን ይግብኦ ኔሩ ኣብ ዝበሃለሉ ግዜ ግን ንኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ኩሓሱብ (ክጥርጥር) ኔርዎ ኢልካ ክትድምድም ስለ ዝከኣል፡ እቲ ንብረት ፍረ-ገበን ክኸውን ወይ'ውን ከይከውን ይኽእል ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ሓደ ንብረት ምናልባት ዝተሰረቐ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ኢልካ ምእማን ማለት እቲ ንብረት ከም ዝተሰረቐ ምእማን ማለት ኣይኮነን። ስለዚ፡ ክኣምን እናተገብኦ ዝብል ሓረግ ፍረ-ገበን ከም ዝኾነ ክግምት ዝኽእል ዝነበረ ኮይኑ ኑቲ ጉዳይ ግን ዓይነቱ ዓሚቑ ከም ዝሓለፎ ክቈጽር ዝኽእል ኩነታት ከም ዝነበረ ዘረድእ መርትዖ ዝቐርበሉ'ዩ ዝኸውን። ንኣብነት፡ 500 ናቕፋ ዝዋግኣ ሓንቲ ናይ መኪና መቐየሪ ኣቕሓ፡ ብ50 ናቕፋ ንኽሽጠሉ ናብ ሓደ ዋና ጋራጅ ምስ ዘምጽኣሉ፡ እቲ ዋና ጋራጅ ብሰወር ክረብሐ ሓሰቡ ኢዩ ክበሃል እንተዘይኮይኑ እታ ንብረት ፍረ-ገበን ምዃና ንኽዕድጋ ካብ ዝተመደበ ዋጋኣ ክኣምን ኔርዎ ኢልካ ክድምደም ይከኣል። ከምዚ ዝዓይነቱ ኣጋጣሚ ከኣ፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮኡ ዘጋጥሞ ስለዝኾነ፡ ኣብ ሓደ ቅኑዕ መደምደምታ ንምብጻሕ ዝኽእል ዝኾነሉ ግዝያት ብዙሕ ኢዩ።



ኣከባቢ







ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ማይ - ክርከብ ዘይዝከር ክሰኣን ዝምእረር

እዘን ምዕቡላት ዝበሃላ ዘለዋ ሃገራት፡ ዳርጋ ኑቲ ኩሉ ካብ ላዕሊ ዝወርድ ማይ መቐበሊ ዝዓለዋሉ እየን፡ ቀንዲ ምንጪ ማይ ዓለምና ዝፍብ ምኽንያት ተገዚበን፡ ብዙተኻእለ መጠን ኣብ ምድረን ክትርፋኦ ምእንቲ ዝገበር ዝበሪ እየን። ከም'ቲ ዓለም ኣብ ኩሉ መዳያት ኣብ ክልተ ጥርዚ ተፈላልዩቶ ዘሎ ግን፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት፡ ካብ'ቲ ዝጥቀማሉ ማይ፡ እቲ እናረኣየኦ ጉዱፋወን ዝዕዝር ደብዘላ። ይተርፍዶ እተን ዋሕዲ ዝፍብ ዘለወን፡ እተን ዘይብለን እውን ህዝበታተን ብዋሕዲን ዓይነትን ማይ ክሳቐ ምርኣይ ንቡር እዩ። ብሰሪ እዚ፡ ኣደዳ ድኻሙትን ሕማምን ክኸና ምዕዛብ እውን ንዓለምና ጋሻ ኣይኮነን።

ወዲሰብ ብዘይማይ ክነብር ከም ዘይክእል ርጉጽ እንከሎ፡ ዓለምና ኣብ ቀንጠባዊን ፖለቲካዊን ቀርቀስ ተጸሚዳ እያ እትርከብ። ኣብ መብዝሕትአን ሃገራት፡ ኣጻዋር ንምስራሕን ንምሽማትን ዝጠፍእ ወጻኢታት፡ ኣድማዕቲ ፕሮጀክትታት ዕቃብ ማይ ንምትግባር እኹልን ትሩፍን ምኽንያት ተመራሚርቲ የጸጽሩ።

ዋሕዲ ወይ ስእነት ማይ፡ "ማይ ውሑዱ፡ ወይ ተሳኢኑ" ኣብ ዝብል ሓረግ ጥራይ ዝሕጸር ኣይኮነን። 'ማይ ውሑዱ' ማለት፡ ኩሉ መዳያት ህይወት ተዓንቂፉ ማለት እዩ። 'ማይ ተሳኢኑ' ማለት፡ ህይወት ዝቐጽለሉ መስርሕ ኣብቂዑ ማለት እዩ። ንዓለምና ኣብ ከቢድ ቀንጠባዊን ማሕበራዊን ጸገማት ኣውዲቑማ ዘሎ፡ እውን ብዙተፈላለዩ ጠንቅታት ዝተኸሰቱ፡ ምንቅልቓል ብዝሕን ዓይነትን ማይ እዩ።

ኣብ'ዚ መዳይ ካብ ዝገደሱን ተኸታታሊ መጽናዕቲ ኣብ ምክያድ ዝርከቡን ተመራመርቲ፡ ዋሕዲ ወይ ዘይብቑዕ ማይ ንዝሰዕቦ ኣሉታዊ ጽልዋ ሰፊሕ ብዝበለ መንገዲ፡ ኣብ ኣርባዕተ ከፊሎም ይርእይዎ። ሕማም፡ ጥምየት፡ ምቝጻይ ዕድል ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ድኽነት።

ምንቅልቓል መጠንን ዓይነትን ማይ፡ ኣብ ጥዕና ሓያሎ ህዝበታት ዓለም ዘኸትሎ ዘሎ ጸገም፡ ዝዓበየ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ምኽንያት ይገልጹ። ብቐሊል ዝበለ ኣዘራርባ እንተገልጽዎ፡ ኣብ ብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት፡ ህዝበታት፡ ካብ መብዝሕትኦም ዝተበከሉ ውሓዝቲ ማይ ክሰትዩ ይግደዱ። ገለ ካብ'ቶም ኣብ ብኩል ማይ ዝጸንሑ ነፍሳት ቀተልቲ እየም። ብኮላ ማይ ጥራይ ዘይኮኑ ዋሕዲ ማይ ማለት እውን መተሓላለፊታት ብዓበኦ ንኽይውሕዝ፡ ኣብ ዕቑር ማይ ጣንጡን ካልኦት ነፍሳትን ንኽራብሒ፡ ዓሶን ካልኦት ረኽሲታትን ንኽሰፋሕፍሑ መንገዲ ዝኸፍት እዩ። መጠንን ዓይነትን ማይ ብቑጥታ ምስ ጥዕና ምትእስሳር ዘለዎ ስለ ዝኾነ፡ ኑቡሲ-ወከፍ ኣብ ማይ ዝረአ ኣሉታዊ ይኹን እወታዊ ምልውዋጥ፡ ኣብ ጥዕና ተጠቀምቲ ብቑጥታ ይንጸባረቑ።

ማይ፡ ዳርጋ ምስ ኩሉ መዳያት ህይወት ስለ ዝተኣሳሰረ፡ ንብዙሕ ሽንኻት ሂወት ንምዕቃብ፡ ብቑዓምነት ድሕነት ማይ ክሕሎ ከም ዘለዎ ድማ ይገልጹ። ብቐሊሉ ማይ ኣብ ዘውሕደሉ እዋን፡ ክሊኒካት፡ ኣብያተ-መግቢ፡ ሆቴላት፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ህዝባዊ ቦታታት፡ ጽሬት ንምሕላው ውሑድ ወይ ድማ ዘይጽሩይ ማይ ክጥቀማ ስለ ዝግደዳ፡ ጥዕና ሰራሕተኛታትን ተጠቀምትን ብሰፊሑ ይሃሲ። እዚ ድማ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ውሕስነት ጥዕና ይትሕት።

ስእነት ማይ ማለት፡ ብቐጥታ ጥምየት ማለት ምኽንያቱ ዘካትዕ ኣይኮነን። ክኢላታት ከም ዝሕብሩዎ፡ ብደረጃ ዓለም ኣብ ጥቕሚ ካብ ዝውዕል 70% ማይ፡ ኣብ ሕርሻን መስኖኣዊ ሕርሻን ዝውዕል ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ዘቤታዊ ዕዮ ዝዛልኽ 10% ጥራይ እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ፡ ውሑድ ማይ ማለት፡ ውሑድ ፍርያት ሕርሻን ሞት እንስሳታትን ማለት እዩ። ናይ መወዳእታ ወጽኢት ድማ ነባሪ ጥሜት፡ ጽምኢን ትሑት ደረጃ ዓይነት ሂወት እዩ። ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከብ ሃገራት ከም ነባሪ ጸገም ኩይኑ ንምዕባለኣን ሓሊኹ ዘሎ እምበኣር እዚ እዩ። ኣብ ዝበዝሓ ድሕረ-ምዕባለ ዘለዋ ሃገራት፡ ኣብ ምዕቃብ መጠንን ጽሬትን ማይ ኣድማዕቲ ዝኾኑ ስጉምትታት ስለ ዘይተወሰዱ፡ ዝቐደመ ጸገም ንኻልኦት ጸገማት እናዓደመ፡ ብቐሊል ሰራሕ ዘይምለስ ዕንወት ኣኸቲሉ ይርከብ። እዚ ኣብ ህዝበታትን ሃገራትን ሰፊ ዘይብል ተጽዕኖ ብምፍጣር፡ ናብ ምዕባለ ዝኾም ፍሉኹ እንክበሉ ናብ ድሕሪት እናጎተተ፡ ን10ታት ዓመታት፡ "ዘይማዕበሉ ወይ ኣብ ምምዕባል ዝርከቡ" ኣብ ዝብል ሰየመ ንኽነብሩ ኣገዲዱ።

ማይ ዘይጸልዎ መዳይ ናይ ማሕበራዊ ናብራ ስለ ዘየሎ፡ ብዝተዘዋዋሪ ምስ ዕድላት ትምህርቲ ከም ዝተኣሳሰር ክኢላታት ይሕብሩ። ኣብ ብዙሓት ህዝበታት፡ ሓያሎ ሰባት (ኮተቴን ቆልዑን ከይተረፉ) ብሕልፊ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ንስድራቤት ዝኸውን ማይ ኣብ ምንዳይን ምጉራትን ብዙሕ ግዜ ከጥፍኡን ነዊሕ መንገዲ ክጓዝን ይግደዱ። ኣብ'ዚ ዕዮ'ዚ ዝጸመዱ ሰባት፡ ንነዊሕ ርሕቀት ኣብ ዝጓዝሉ፡ ግዜ ስለ ዝሓልፎምን ድኻም ስለ ዝስመዖምን ካብ ትምህርቲ ዝኸሰሩሉ መዓልታት ደብዘላ። እዚ ዓይነት ኣገይዳ ንነዊሕ ግዜ ዝቐጽል እንተ ኾይኑ፡ ብሕልፊ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ስድራቤት ናይ ምእላይ ሓላፍነት ኣብ ዝሃቦን ስለ ዝኸውኑ ናይ ትምህርቲ ዕድለን ደስበር። ብዙሓት እውን ንትምህርቲ ከም ዘይናተን ርእየን ካብ'ቲ ሓዲድ ይወጽኣ።

እኹልን ጽሩይን ማይ ምህላው ማለት፡ ቀንዲ ደራኺ ቁጠባዊ ብልጽግናን ዝበለጸ ዓይነት ሂወትን እዩ። ትካላት ንግዲን ዕዮን ከምኡ'ውን ኣብያተ ትምህርቲ ዝምዕበላ፡ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ኣብ ግዜኦም ኣብ ዕማሞም ምስ ዝርከቡ እዩ። ትካላት፡ ብምሉእ ዓቕመን ግዜን ሰሪሐን ዝጥርኣ ዓቕምን ዓይነትን ክፍርያ ምስ ዝኽእላ እዩ። ኣብያተ መግቢ፡ ሆቴላት፡ ዕዳጋን መሳለጥን ንግዳዊ ሕርሻታት፡ መስርሓት ዕደና. . . ኩላቶም እኹልን ጽሩይን ማይ ዝጠልቡ ብምኳኖም፡ እዚ ምስ ዘማልኡ፡ በጺሖቲን ናይ ወጻኢ ወፍሪን ንኽዕድሙ ዝለዓለ ዕድል ኣለዎም። እዚ ዘይብላ ሃገር፡ እዚ ናይ ዕቤት መስረት ዝኾነ ነገራት ኣይትረኽቦን። ስለ'ዚ ኸኣ ስእነት ማይ ማለት፡ ዝም ኣገደስቲ ቀንጠባዊ ንጥፈታት ምስኣንን ኣብ ድኽነት ምሽማምን ማለት እዩ።

ጸገማት ክደራረቡ ከለዉ፡ 'ዋላ ሓንቲ ክንገብር ኣይክእል እየ' ናብ ዝብል መደምደምታ እየም ዝወስዱ። ኩሉ ሃገራት ንሓድሕዱ ተጻላልዩን ተለኻኺሙን ኣብ ዝበኣሰ ደረጃ ምስ በጽሐ፡ ምስ ህሉው ዓቕሚ፡ ኛናይ ጅማሮን ኛናይ ከም እትገደፍ ክሕርብዞካን ናብ ተሰፉ ምቑራጽ ጉዱ ክደፍኣካን ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ብዙሓት ህዝበታት ወይ ሃገራት፡ ኣብ መጠንን ዓይነትን ማይ ዘለዎም ትሕዝቶ ናብ ዝበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ።

እንተ ኸነ ግን፡ ብልቦና ንዝተበከለ ሰብ፡ ማይ ንምዕቃብ ብዓቕሚ ክገበር ዝኽእል ብዙሕ ነገር ከም ዘሎ ክኢላታት ይሃገሩ። ብዓቢኡ እውን ምዕቃብ ማይ ካብ ውልቀሰብ ዝጠበሰ እንተ ዘይኮይኑ፡ ድምሩ ከም ዘይጥዒ እየም ዝገልጹ ተመራመርቲ። ማይ ምዕቃብ፡ ብዓበይቲ ዲጋታት፡ ዒላታት፡ ድንድላት. . . ክጅመር ግድን ኣይኮነን። እዚ ክገበር ዝኽእል፡ ሕብረተሰብ ኣገዳስነት ማይ ብዓበኦ ኣብ ዝገዝበሉን እኹም ከበርክት ድለው ኣብ ዝኾነሉን ጥራይ እዩ። ንዕቃብ ማይ ቀንዲ ኣገዳሲ፡ ኣጠቓቕማ ስለ ዝኾነ፡ ዋላ'ውን ዓበይቲ ፕሮጀክትታት እንተ ተተግበሩ፡ ኣብ መወዳእታኡ ውሕሉል ኣጠቓቕማ ኑበሲ-ወከፍ ሰብ እንተ ዘይተደሚሩዎ ክሳራ እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ፡ ቀለልቲ ንገዳስነት ጥራይ ዝሓትቱ ናይ ማይ ምዕቃብ ሰራሓት ኣብ ኣድ ኑበሲ-ወከፍ ምህላዎም ዕድል ምኽንያቱ ግዱሳት የገንዝበ።

በዚ መዳይ፡ ውልቀሰብ፡ ኣብ ምሕላው ድሕነት ማይ ዝጻወቶ ተራ ዓቢ ምኽንያቱ፡ ነዚ ንኽነበቅዕ እንታይ ከም ዘድልየና ፈላጣት ምኽሪ ወስ የብሉ እየም'ሞ፡ ገለ ካብኡ፦

ንቕሓት

ኣገዳስነት ማይ ኣብ ሂወታውያን ብኣድህቦ ምርዳእ፡ ዋሕዲ ከምኡ'ውን ዘይጥዑይ ማይ ክሰዕቦ ብዝዕባ ዝኽእል ኩለንትናዊ ዕንወት ኣዕሚቖካ ምሕሳብ የድሊ። ዝ. ዝፈለጠ ሰብ፡ ብዓቕሙ ፍታሕ ንምንዳይ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ክህሉ ይኽእል። ምስ ሰባት ሓሳብ ንሓሳብ ብምልውዋጥን ሓቅታት ብምድህሳስን፡ ሓጋዚቲ ስጉምትታት ክወስድ ይኽእል።

እጃምካ ግበር

ተፈጥሮ፡ ብፍላይ ድማ ማይ ንምዕቃብ ኣብ ዝግበሩ ንጥፈታት፡ ብዓቕምኻን በዚ እትኽእሎን እጃምካ ምግባር፡ ኑቲ ብድምር ትጸቢት ዝግበረሉ ወጽኢት ዝሕግዝ እዩ። ዓበይቲ ወጽኢታት፡ ድምር ናይ ውልቀ-ሰብ ጻዕሪ ስለ ዝኾኑ፡ ብዛዕባ ምዕቃብ ማይ ዘሕደርካዮ ፍልጠትን ተገዳስነትን ንኻልኦት ሰባት ኣረድእን ኣብ'ቲ ንጥፈት ንኽሳተፉ ኣተባብዖም። ማይ ኣብ ምዕቃብ ምስ ዝጥፉ መንግስታዊ ይኹኑ ዘይመንግስታዊ ትካላት፡ ጉጅለታት፡ ውልቀሰባት. . . ተጸንበርካ ናትካ ድፍኢት ክትገብር ፈትን።

ንኣብነት ሕብረተሰብና፡ ክረምቲ ኣብ ዝኸሉ እዋን ማይ ኣዋህሊሉ ናይ ምጥቃም ልምዲ ኣለዎ። እንተ ኾነ ግን ዝ. መብዝሕትኡ ግዜ ዝገብሮ ዋሕዲ ወይ ሕጽረት ማይ ከጋጥም ከሎ እዩ። እምበኣር ንስኻ ንስድራኻ ወይ ወለድኻ ጉረባብትኻ መማህርትኻ ኣዕሩኽትኻ . . . ኣገዳስነት ምውህሃል ማይ ዝፍብ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ክተረድእ ዘይትኽእል ኣይኮንካን። ማይ ዝፍብ ኣብ ማይ በዓሚ እንንብሮ ወጻኢታት ዝቑጥብ ምኽንያቱ፡ ኣብ ሃገራዊ ወይ ህዝባዊ ንጥፈታት ዕቃብ ማይ እውን ይውሓድ ይብዝሕ ተራ ከም ዘለዎ ከተረድእ ትኽእል ኢኻ።


ማይ ኣብ ምጥቃም ውሕሉል ኩን

ዘለኻዮ ሕብረተሰብ ንሕጽረት ማይ ክጻወር ይኽእል እዩ ዝብል ግምት ወይ ኣተሓሳስባ ኣብ ኣእምሮኻ ኣይተሕድር። ወይ እውን ከም'ቲ ኣብ ገለ እዋናት ዘጋጥመካ ብዙሕ ዘየሸግረካ ዋሕዲ ማይ፡ ኩሉ ግዜ ቀሊል ክኸውን እዩ ዝብል እምነት ኣይተሕድር። ብዛዕባ ማይ፡ ትኸክል ወይ ሚዛናዊ ዝኾነ ኣተሓሳስባ እንተ ዘይሒዝካ፡ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ እምበር፡ ሓንቲ መዓልቲ ሕጽረት ማይ ከም ዘጋጥመካ ርጉጽ ምኽንያቱ ሕሰብ። ብእዋኑ ኣጠቓቕማኻ እንተ ዘይተቐጻጺርካ ማለት'ዩ። ካብ ኑበሰኻ እንክትጀምር፡ ኢድካ እንክትሕጸብ ካብ ዘድልየካ ንላዕሊ ማይ ኣይተጥፍእ። ናይ ማይ በምባኻ ክትከፍት ከለኻ፡ ኣብ ጥቕሚ ብዘውዕለሉ መንገዲ ደኣ'ምበር፡ ዋላ ሓንቲ ንጣብ ማይ ከይተባኽነን ተጠንቀቕ። ኑበሰኻ እንክትሕጽብ፡ ዓይኒ ምድሪ እንክትጥቀም፡ ዓቕንኻ ማይ ኣባኽን። ብሓፈሻ ማይ ንምዕቃብ ክትገብሮ እትኽእል ኩሉ ጥንቃቐታት ካብ ምውሳድ ኣይትብኮር።

***



# ባጉም ባጉም . . . ንደብረ ቢዘን ክንማላኣኩም



ልዕሊ 600 ዓመት ዕድመ ዘገበረ ማስተንክራዊ ጉዳም እዩ። ብዚዩካ እተን ኣዋዲ ዘይብለን ኣዕዋፍ ሰማይን ምንጪ እንቋቑሖ ዝኾና ደራውህ። ኣንስተይቲ ፍጥረት ክትኣትዎ ዘይፍቀድ መምርሒ ኣለዎ። ብእግሪ እንተዘይኰይኑ ብዘየላ ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት ክትድይቦ ዘይክኣል ኢዩ።

ካብ ከተማ ኣስመራ ንሸነኽ ምብራቕ - 25 ኪ.ሜ. ዝዘርጋሕ ጥውይዋይ ቁልቁለት ሃቲፍካ፡ ሓወሲ ከተማ ነፋሲት ትኣቱ። ካብ ነፋሲት ናብ'ቲ ጉዳም ንኽትበጽሕ ክንዲ እቲ ብመኪና ዝተጓዕዝካዮ ቁልቁል ዝዮማዝም ብራኽ ብእግሪ ምሕኳር የድልየካ።

ብደሮ ናይቲ ዓመት-ዓመት ኣብ 11 ነሓሰ (5 ነሓሰ ብግእዝ) ዝካየድ ብዓል ዝማበር ናይ ውራይ ምሽብሻብን ኣብ ወጋሕታ ናይቲ ንግደት ዝቐደድ ጸምባል ክሓልፈካ ዘይትደሊ እንተኾይንካ፡ ብደሮኡ ተበጊስካ ኣብቲ ጉዳም ክትርከብ ከድልየካ እዩ። ንግሆ ጋሕጋሕ ምድሪ ካብ ኣስመራ ነቒልካ እውን ንምሽቱ ንቦታኻ ክትምለስ ትኽእል ኢኻ።

እምባ ደብረ ቢዘን

| | |
|---|---|
| ብራኸ ልዕሊ ጸፍሒ ባሕሪ | 2,450 ሜትሮ |
| ብራኸ ካብ ነፋሲት | 825 ሜትሮ |
| ርሕቀት ካብ ኣስመራ | 25 ኪ.ሜ. |
| ርሕቀት ካብ ነፋሲት (ብንውሓት) | 6-7 ኪ.ሜ. |
| ዕድመ | 657 ዓመት (1361 ድ.ል.ክ. ተመስሪቱ) |
| ብዝሒ ህዝቢ | 80-120 ፈለስቲ |
| ዓመታዊ ንግደት | ብግሪጎርያን ነሓሰ 11 (ብግእዝ 5 ነሓሰ) |

ኣብ ኣስመራ፡ ከበቢ ብሉጦ ባጽዕ ዝርከቡ መካነ-መቓብር እንግሊዛውያን ህንዳውያን መካ- እንስሳ ቤት-ጉሮሯሽን ሓሊፍካ ናብ ምጽዋዕ ዘወስድ ንምብራቓዊ ኣጻድፍ እናተርበዐ ዝገጠመካ ጥውይዋይ ቁልቁል ምስ ሓዘካ፡ ትርኢታዊ ቅርጺ-መሬትን ግሩም ደረት- ትርኢትን ጎፍ ክብለካ እዩ። ሳሕቲ ጫፋት ናይዞም ኩርባታት ብጸዓውቕ ደበናታት ይኽወሉ እዮም።

ካብ ኣስመራ ውሑድ ከሎሜተራት ምስ ተጓዓዝካ፡ ባር ድርፎ ዝርከቦ ንኽትዕርፈሉ ዝማርኽ ከበቢ ኣሎ። መሳጢ ትርኢት ቅርጺ-መሬት ናይቲ ከበቢ ኣብኡ ኮይንካ ኢኻ እትስተማቕሮ። ገለ ቀራጻት ኣንበዝ ነጋድያን ካብ ኣስመራ ናብቲ ጉዳም ብእግሮም ክምርሹ ምስ ርኣኻ ሞራል ክትጎበር ትቕሰብ።

ትርገም መጸውዒ ስም ዓርቡርቡዕ ምስቲ መጸልጦኻ ጌርካ እትኸዶ ዘለኻ ደብሪ ዝተታሓሓዘ እዩ። ከምቲ ብኣፈ-ታሪኽ ዝዘንቶ ኣብቲ ቀደም እዋን ኣብ ደብረ ቢዘን ካብ ዝበፁ ፈለስቲ መኾኣም ወዲኣም ምስ ተመልሱ፡ ብኣቡኑ ፍሊጶስ "ርቡዕ ደኣ ኣብይ ኔርኩም?" ተባሂሎም ምስ ተሓተቱ ናብዘ ሕጂ ዓርቡርቡዕ እትብሃል ዘላ ዓዲ እናመልከቱ "ርቡዕ ስለ ዝዓረብና፡ ኣብታ ጠረር ሓዳርና" ብምባል መለሶሙሎም ይብሃል። ካብቲ እዋን ጀሚሩ ድማ ዓርቡርቡዕ ተባሂላ ትጽዋዕ ኣላ።

ኣብ ከበቢ ሰይደቺ (ብቋንቋ ጥልያን 16 ማለት እዩ) ምስ በጻሕካ፡ ናብ 'ጎቦ ኣቡጋማዚዩ' ክትገዝገዝ ኢኻ። እዚ ጎቦ'ዚ፡ ቀደም እዋን ኣቡጋማዚዩ ዝብሃሉ ፈላሲ ይሰፍርዎ ስለ ዝነበሩ ብስሞም ክጽዋዕ ከም ዝኸኣለ ኣፈ-ታሪኽ ይሕብር። ጎቦ ኣቡጋማዚዩ ብዘሓ ዘለዎም ኣህባይን ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ ኣናብርን ይርከብዎ። ኣብ 1978 ህዝባዊ ግንባር ዳርጋ ንዝበዝሐ ክፋላት ኤርትራ ተቖጻጺሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ግንባር ሰይደቺ ካብቶም ቀንዲ ናብ ኣስመራ ዝቐረቡ ድፋዑ ምንባሩ ታሪኽ ይሕብረና።

ኣብ ሰይደቺ ኴንካ፡ ብግዕዶ ዝረኣየካ እምባ፡ ጉዳም ደብረ-ቢዘን እዩ። ናብዚ ብኣቡነ ፊሊጶስ ዝተመስረተ ደብሪ ቅድሚ ምሕኳርካ፡ ናብታ ኣብ መንጎኡም ኣብ ዘለዉ ጎቦታት ተሸጕጣ እትርከብ ንእሾቶ ከተማ ክትወርድ ከድልየካ እዩ። ሓወሲ ከተማ ነፋሲት፡ ሰለስተ ብዛራት ማለት ትግርኛ፡ ሳሆን ትግረን ይሰፍሩዋ። ብተወሳኺ፡ ነፋሲት ካብ ዝኾነ ከበቢ ዝፈልያ ምሩጽ ዝጽረብ ኣእማን እውን ይርከቡ።

ኣብ እዋን ምሕኳር፡ ወቐዲ ጸሓይ ከየጥቀዓካ ትሰምእ እንተኾንካ፡ ካብ ነፋሲት ወይ ኣስመራ ብዙሕ ማይ ምምላእ የድልየካ። ብግዜን ጉልበትን ዋጋ ንኽትከፍል እውን ድሉው ኩን። ሓያለ ኣንፈትካ ዘስሕቱ ዝተቖራረጹ መገዲ ኣጋር እውን ከጓንፉኻ ስለ ዝኽእሉ፡ መገዲ ምስ ወዲ ዓዲ ከም ዝብሃል፡ ምስቲ ቦታ ሌላ ዘለዎ መካይድቲ ከተናዲ ተመራጺ እዩ። ክትሓኩር ከለኻ፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ካብ ርሑቕ ቦታ እትሰምዖ ድምጺ መካይን ካብ ጥቓኻ እትሰምዖ ድምጺ ኣህባይን ካልኦት እንስሳታትን እንተሰማዕካ እውን ኣይትሻቐል። "ደቂ-ኣንስትዮ ክኣትዋ ኣይፍቀደን እዩ" ዝተጻሕፎ ታቤላ ምስ በጻሕካ፡ እታ ልክዕ መገዲ ሒዝካያ ከም ዘለኻ ዘረጋግጽ እዩ።

ድሕሪ ናይ ኣስታት ሰዓትን ፈረቓን ምሕኳር፡ ብፈቓቕት ናይቶም ደበናታት፡ ገጽ ናይ ሓደ ጉዚፍ ከውሒ ጎፍ ይብለካ። ድሕሪ ውሑዳት ደቓይቕ ድማ ልዕሊ እቶም ኣብ ልዕሌኻ ዘንጠጠዉ ደበናታት ክትከዶምን ግሩም ትርኢት ምድረ-ሰማይ ይኽፈተልካ። ናብዚ ንኽትበጽሕ ዝኸፈልካዮ ዋጋ እምብኣር፡ ኣብ ላዕሊ ብእትረኽቦ ፍስሃ ዎ ሰላም ከም ዝተኻሓሰካ ሻቡ ይሰወጠካ።

ሰፍሓት ናይቲ ጉዳም ካብቲ ኣብ ዝበን ሰይደቺ ኴንካ ብግዕዶ እትግምግሞ ብዕጽፍታት ዝዓቢ እዩ። 825 ሜትሮ ብራኽ ሓኹርካ ዝበን ምስ በጻሕካ፡ ቅርጺ-መሬት ናይቲ ከበቢ ብቕጽበት ካብ ኣሻኹን በለስ ዝዕብለሎን ናብ ብስዕሪን ጀራዲንን ዝተኸደነ ፍጹም ሓምላይ ዱር ይቕየር።

ቅዱስ ስፍራ ብምዃኑ መተሓሸርትኻ ጫማኻም ከውጽኡ እንተረኣኻ፡ ነዊሕ ዝጸንሐ ሃይማኖታዊ ልምዲ ናይቲ ደብሪ ብምዃኑ ኣሰርም ክትክተል ክትግደድ ኢኻ። ኣብዚ ጉዳም ዝነብሩ መነኮሳት ወይ ተማሃሮ ተቐቢሎም ናብቲ ብመናድቕ እምኒ ዝተሓጸረ ግዝውቲን ከበብቲ ቤት-ጸሎታትን ክምርሑኻ እዮም።

ኣብ ጉዳም ደብረ ቢዘን ኮይንካ በቲ ሃው ዝበለ ጸድፊ ንቑልቁል ምስ እትጥምት፡ ንምንሳፋፍ (gliding) ዝዕድም ትግግርታዊ መልክዕ ትርኢት ቅርጺ-መሬት ክትዕዘብ ኢኻ። ኣንበዝ ተቐዳዲሞም ናብቲ ዓቢ መስቀል ብምጉያይ ስእሊ ንምስናድ እንተ ተቐዳደሙ፡ ወትሩ ዘዘውትርዎ ተግባር እዩ'ሞ ከይሕደሽካ። ኣብ ኣስመራ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ዝዓበሉ ግዝውቲ፡ ንበሉቶ ባጽዕ ዝቐረበ ግዲ ኮይኑ፡ ካብ እዋን ጉብዘንኡ ኣትሒዙ ልዕሊ 4 ወይ 5 ግዜ ናብዚ ታሪኻዊ ጉዳም ዘይተማላለሰ ኀበዘ ኣይዘብረን ክብል ይደፍር።

መነኮሳት፡ ስዋ ክሰርሑን ከኣንግዱን ክትዕዘብ ኢኻ ግን ኣይትገረም ኢኻ። ምኽንያቱ ሓያለ ማራኺ ልምዲታትን ትርኢታትን ኣብ ዝርከቦ ሃይማኖታውን ታሪኻውን መስሕብ ኢኻ ዘለኻ። ዕድመ ዝደፍኡ ሽማግለታት መነኮሳት ደኒናም እግሮኻ ክሓጽቡኻ እውን ክትርኢ ኢኻ። ሰማንያታት ዝተጸማገሙ ነጋድያን ከይተረፉ እንተኽኢሎም ብኣጋር እንተዘይኪኣሎ ድማ ብኣድጊ ዝበቕሊ ምሳኻ ክሓኹሩ እንተርኢኻ እውን ኣይትደነቕ። ኣንበዝ ነጋድያን ናብታ ብሸነኽ ሰሜን እትርከብ 'ኣደይ ቅብጺ' እትብሃል ናብ ሃው ዝበለ ጸድፊ ጠልጠል ዝበለት ጉንዲ ብምቕዳም ክሰቅሉን ክስኣሉን ክትዕዘብ ኢኻ። ሞት ቅድሚ ጽሕፍቶኻ ሓደጋ ከይትወድቀካ ትፈርሕ እንተኾንካ፡ ካብዛ ቦታ ምሕዳግ ኢልካ ተዓዘብ። ዝሓኾርካዮ መገዲ፡ ዝሓደርካሉ ማእሲን እንተ ኹርኩሓካ እውን ብሕገሰን ዕጉብን ህይወት ናይቶም መነኮሳት ኣይግረምካ።

መጻልታዊ መቡብሮ ናይቶም መነኮሳት ካብ ከበቢ እቲ ጉዳም ዝምእርርዎ ወጽኢት ተፈጥሮ ምዃኑን እዚ ተመኒሆም ብፍቕሪን ወህደትን ክሰብሩን ክትዕዘብ ኢኻ። ብግዜ ለይቲ ብወገን ሰሜናዊ ምብራቕ ዝረኣየካ ጫና ናይ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ እዩ። ቀይሕ ባሕሪ ካብዚ ጉዳም 80 ኪ.ሜ. ርሕቀት ኣለዎ።

ቅዲ-ኣብያተን ክዳውንተን ምስ ተዓዘብካ፡ ኣብ ማእከላይ ዘመን (medieval period) ዘለኻ ኮይኑ እዩ ዝስምዓካ። መናድቕ ኣብያቶምን ቤት-ጸሎቶምን ብቅብኣታት ምስሊ ቅዱሳትን ካብ ዕንጸይቲ ዝተሰርሐ መስቀላትን ዝተሰለመ እዩ። እንጀራኦም ጸሊምን ንቑጽን ረጕድን ኮይኑ፡ ግና'ኸ ኣዝዩ ምቁር እዩ። እዚ ጉዳም እዚን ነበርቱን ከም ስትራተጂያዊ ኣቀማምጥኡን ከም መቐጸልታ ናይቲ ንጥንታዊ እምነትናን መንነትናን ንምሕላኽ ዝተጉበረ ዘሙት፡ ዕጫ መላእ ሃገርና ብተኸታተልቲ ግዝኣተን ወረርቲን ብዙሕ ሃሰያ ወሪድዎን ክንደይ ሓሰረ መከራ ጸጊቡን እዩ።

ብዙርኻውያን ግዝኣት ኣብ መበል 16 ክ.ዘ. ሰፍ ዘይብል ዕንወት ወሪዱዎ እዩ። ንግስነት ግዝኣተ-ሰልጣን ኣዳል እውን ኣብ ዕንወት ናይዚ ጉዳም ግደኡ ጌሩ እዩ። ዝጠዘሐ ንብረት ናይዚ ጉዳም ግን በቲ ሃይማኖታውያን ትካላት ክህልዋ የብለንን ዝብል መርገጺ ዝነበሮ ደርጋውያን ግዝኣት እዩ ተወሪሱ። ሓደ እዋን'ውን ብምኽንያት ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኡ፡ ወተሃደራዊ ነቑጣ ጌሮዎ ምንባሮም ይዝንቶ።


ሎሚ፡ እቲ እንኮ ወራሪ ናይዚ ጉዳም ኮይኑ ዘሎ፡ እቲ ኣብቲ ከበቢ ሰፊሩ ዘሎ ጭፍራ ህበይ እዩ። ብዙሕ እዋን ኣዘንጊዑ ኑቲ ምንጪ ቀረብ መግቢ መነኮሳት ዝኾነ ስፍራ ክወርር ይርኣይ እዩ። መብዛሕትኦም ነጋድያን ኣብ ዝሰዕብ ዓመት ዓቕሞም ዝፈቕዶ ትሕዝቶ ከም ገንዘብ፡ ክዳውንቲ፡ ምንጻፍ፡ ጸላል፡ ሽምዓን ካልእን ሒዞም ናብቲ ጉዳም ንኽመጹ መብጽዓ ናይ ምእታው ልምዲ ኣለዎም።

ቅድሚ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ብፍላይ ድማ ድሕሪ ሰዓት 10:30 ቅ.ቐ. ነጋድያን ነቲ ደብሪ ሕቖኦም ብምሃብ ኣብ ትሕቲ እቲ ጉዳም ናብ እትርከብ ሓወሲ ከተማ ነፋሲት ዝምትሩሉ እዋን እዩ። እቲ ጸድፊ ንምውራዱ ከምቲ ምድያቡ ከቢድ ኣይኮነን። ተፈጥሮ ንምድናቕን ስእልታት ንምስናድን ብዝበዝሐ ካብ ምዕራፍ ዝተሳዕሉ፡ ኣብራኽካ እንተ ዘይጠለሞሙኻ ነቲ ቑልቁል ምውራዱ ብዙሕ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። ቁልቁል ምውራድ ኑብሱ ዝኸኣለ ጥበብ ዝሓትት እኳ እንተኾነ ከምቲ ኣብ ምሕኳር እተጥፈኦ ግዜን ሃልክን ዝዳረግ ግን ኣይኮነን። ንኣንበዝ ከበቢ 40 ደቓይቕ ዝወስደሎም ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ንዝርከቡ ሰባት ድማ ካብ ሰዓት ክሳብ ሰዓትን ፈረቓን ኣብሉ ይወስደሎም።

ኣብታ መዓልቲ፡ ከተማ ነፋሲት ከም ሓንቲ ዕምርቲ ናይ ንግዲ ቦታ ጽርግያታታ ጠጠው ብዝበሉ ዕስለ መካይን መርኣዩ የብሉን። ነጋድያን ንምእንጋድ ክሽሞሽሞ ዝቖሙ ትካላት ወሎብቲ ኣገልግሎት እውን ብዓቕመን መግቢን መስተን ምስኡ ዝተሓሓዘ ኣገልግሎትን ኣብ ምሃብ ተጸሚደን እየን ዘርፍዳ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ንግደት ወይ ፌስቲቫል ብዘየጋጥም ምስ ዝስርሓሉን ተፈላጥነት ንኽረኽብ ምስ ዝጸዓረሉን ማዕረ እቲ ኣብ ዘቤታዊ ቱሪዝም ዘለዎ ኣገዳስነት ኣብ ኣህጉራዊ ቱሪዝም እውን ርእሱ ዝኸኣለ ዕዙዝ ተራ ከም ዝህልዎ ዘማትእ ኣይኮነን። ካብ ነፋሲት ናብ ደብረ ቢዘን ዘወስድ መገዲ ከምቲ ዝድለ ልሙጽ ብዘይ ምዃኑ ምኽንያት እኳ እንተዘይኮነ፡ እምባታት ናይ ምሕኳር ባህጊ ዘለዎምን ብሓደገኛ ኩነታት ኣየርን መገዲን ምጉዓዝ ንዘፈትውን በጻሕቲ (adventure tourists) ግን ኣዝዩ ተበህጊ እዩ። ሓደሽቲን ብተደጋጋሚ ናብዚ መስሕብ ዝመላለሱን ነጋድያን እውን ነቲ ኢጋጥሚ ወትሩ ምስ ተሓጎሱሉ እዮም። ኮይኑ ግና ዝምልከቶም ኣካላትን ውልቃውያን ነጋዶን ነቲ መዓልቲ ዝያዳ ማዕርግ ዝወሰኽ ምድላዋት ክገብሩ ከም ዘጋጥም ነጋድያን ወትሩ ምስ ኣተሓሳሰቡ እዮም። ንኣብነት፡ ኣብ ቀረና መንገድታት ክሳብ ክንደይ ዝግመት ርሕቀት ከም ዝተረፈ፡ ንጾማን ወይ ንጹጋም ንኽትጥቀም ዘመልክት መሐበሪ ታቤላ ኣብ ዝተወሰነ ርሕቀት እንተተተኽለ ንበጻሕቲ ኣብ ምሕባር ዝሀቦ ሓገዝ ከይተደረተ ነቲ ከበቢ ማዕርግ ኣብ ምውሳኽ እውን ዕዙዝ ተራ ከምዝጻወት ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብወገን ውልቃውያን ነጋዶ እውን ኣብ መንጎ ቦታታት ናይቲ ኩርባ ማይን ካልእ ንገዛእ ሓጋዚ ዝኾነ ቀረብትን ክቐርቡ እንተዘኽእሉ ሓጋዚን ማራኺን ምኾነ።

ዕርዲ ኢሳይያስ



# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብቶም ኢዮብ

## እንታይ ምወሰንና?

ሳልም ሓደ ካብ ዓማዊል ቤት ቀርሲ ናጽነት እዩ። ኣዘውቲርካ ናብ ሓደ ቦታ ምምልላስ ዘይፈቱ'ኳ እንተኾኑ፡ እዛ ቤት ቀርሲ ግን እተህቦ ኣገልግሎት ከም ናይ ብዙሓት ካልኦት ኣብያተ-ቁርሲ ጽፉፍ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ እተኽፍሎ ዋጋ እውን ኣዝዩ ሕሱር'ዩ። ስለዚ ከኣ'ዩ ሳልም ቀንዲ ዓሚል ክኸውን



ዝተቐሰበ። ሓደ መዓልቲ ንኣኪያዲ ስራሕ ቤት ቀርሲ ናጽነት ዝኾነ ሳምሶን፡ ብኸመይ ብሕሱር ዝበለ ዋጋ ኣገልግሎት ከም ዝህቡ ሓተቶ። ሳምሶን ድማ መለሰሉ።

"እወ ከም'ቲ ዝበልካዮ ዋጋና ኣዝዩ ርትዓዊ እዩ። ምኽንያቱ እዚን ሰራሕተኛታትና ኩለን ካብ ርሑቕ ገጠራት ዝመጻ እየን። ምናልባት ካብ ከተማ እንተ ኾይነን ከኣ ድራር እለት ንክረኽባ ንሓንቲ መዓልቲ እውን ትኹን ካብ ስራሕ ክቦኹራ ዘይክእላ ሸጉራት ክኾና ኣለወን። ኑተን ካብ ርሑቕ ዝመጻ ስራሕ ከ'እትወን እንከለና እምበኣር፡ ውሑድ ብዝበለ ክፍሊት ኢና እነእትወን። መሕደሪ ስለዘይብለን ንጸገመለን ኢና። እቲ ክፍሊት ድማ ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፡ ንሕናን ንሳተንን ብማዕረ ኢና እንጥቀም ዘለና። በዚ ኢልካ ቡቲ፡ ንደሞዝ ሰራሕተኛታት ውሑድ ስለእነውጽኡ፡ ካልእ ኣስቤዛታት ድማ ከም ሱብና ስለዝኾንና ኢና - ኑቲ ዋጋ ኣትሒትና እንብሎ።"

ሳልም ግር ከም ዝበሎ ዝተረድኦ ሳምሶን "ክገርመካ የብሉን። ምኽንያቱ ንሕናን እተን ሰራሕተኛታትን ማዕረ ኢና እንረብሕ ዘለና። ኣነ ብውሑድ ወጻኢታት'ዛ ቤት ቀርሲ የጊዴዳ ኣለኹ። ንዓኣተን ገዲደ ስርሓ ኣይብልኩወንን። ብፍታወን ክሳብ ዝኾኑ ዋላ ብጥርሑ እንተ ኣሰራሕኩወን ነውሪ ኣይኮነን። ዘይብረሃልካ እንተ ሃልዩ ሕተት።"

ሳልም ተገሪሙ ደኣ ሰቕ በለ እምበር ንሳምሶን ቃል ኣይመለሸሉን። ባህ ስለዘይበሎ ግን፡ ድሮ ናብታ ቤት መግቢ ክምለስ ከም ዘይኮነ ምስ ኑብሱ ወዲኡዎ እዩ። ብትሑት ዋጋ ዝምብገቦላ ቤት ቀርሲ'ኳ እንተ ነበረት፡ እተን ሰራሕተኛታት ተበዲለን ኢሉ ስለ ዝኣመነ ግን፡ ደጊሙ ኪይምለስ ወሲኑ።

"ምኳን. . ." በለ ሳልም ብውሽጡ። "ካብ ዘይምስራሕ፡ ዝኾነ ስራሕ ብዝኾነ ዋጋ ምስራሕ እንዶ ኣይሓይሸን? ቡቲ ሓደ ወገንሲ ጽቡቕ ኣለዋ" በለ።

ከምዚ ናይ ሳልም ዝመሰል ኩነት ጸብጻብ ወይ ምቅጽጻር ዘየድልዮ ርኡይ ጉዳይ እዩ። ብዝዓበየ ደረጃ ክንርኢ እውን ዝከኣል'ዩ። ብዙሓት ዓበይቲ ናይ ንግድ ትካላት ኣበየ ኩርንዓት ሳልሳይ ዓለም፤ ብፍላይ ኣፍሪቃ እናኸዱ ጥረ ነገራት ይዕድጋ። እቶም ሽያጦ ብፍላይ ሓረስቶት ዝሸጡ ሽይጦም ናብ ዋኒኖም ክምለሱ ስለ ዝደልዩ ብሕሱር እዮም ዝሸጡልን። ዝርካበን ቀንጣሮ ኣታዊታት ረኺቦም ናብ ናይ ዕለት እንጌራኦም ከውዕሉወን እዮም ዝመርጹ። እቶም ንፍርያት እተን ኩባንያታት ብዓቢ መጠን ዝዕድጉ ሰባት ወይ ትካላት እቲ ኩነታት ከምኡ ኢሉ ንኽቕጽል እዮም ዘተባብዑ። ምኽንያቱ፡ ንኣብነት ሓንቲ ኩባንያ ጡጥ ካብ ብራዚል ወሲዳ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ናብ እትርከብ ትካል መፍረ ክዳውንቲ ትሸጦ ንበል። እቶም ዓማዊል ንኽዳውንቲ እታ ኩባን እተፍሪ ትካል ብብዝሒ እንተ ዓዲጎምላ፡ ነታ ጡጥ እተምጽእ ትካል ብብዝሒ ጠለብ ተቕርበላ። እታ ካብ ብራዚል ጡጥ እተምጽእ ድማ፡ ካብቶም ሓረስቶት ጡጥ ንምምጻእ ኣበርቲዓ ትጣጥፍ። እቲ መስርሕ ከኣ እናተደጋገመ ይቕጽል። እቲ ዝምዝምዝ እናመዘመዘ እቲ ዝምዝመዝ ድማ እናተመዝመዘ. . .!

ኣብዚ ዝመጽኣካ ሓሳብ እምበኣር፡ ሱብ በታ ጸገሙ ርኢኻ ክትምዝምዞ ግቡእ ድዩ? እቲ ሱብ እናፈለጠ ይጉብሮ ይሃሉ እምበር ጸቕጢ ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ ከኣ ከይፈተኻ ዋላ ሱብ ክትብድል ትኽእል። ኣብ ከምዚ ኩነት ኩይነን ዝወስዳኦ ውሳኔ፡ ምስ 'ዊንታ' ክንምድቦ ንኽእል ዲና? እዚ ናይ ክፍሊት ከም ዘለዎ እንከሎ ተወሲኺ ስራሕ ክትሰርሕከ ግቡእ ድዩ? ንኣብነት ሓንቲ ሰራሕተኛ ኣብቲ ቤት ቀርሲ ከም ኣሳሳይት ኩይና ክትሰርሕ ተቘጺራ ከተብቅዕ፡ ስራሕ ጽርየት ናይቲ ገዛ (ምድሪ) ምስራሕ ይምልከታ ድዩ? ግንከ ካብ ሰቕ ድማ ገለ ነገር ምስራሕዶ ኣይሓይሽን? ንኑብስና ኣብ ቦታ ሳልም ኣእቲና እስከ ንርኣዮ። ቀጺሉ ናብታ ቤት ቀርሲ እንተ መጺእና እታ ቤት ቀርሲ ጽቡቕ ኣገልግሎት ትህብ ከምዛላ ብተዘዋዋሪ ንምስክር ኣለና። እተን ሰራሕተኛታት ከም ዘለዋኦ ንክኽፈላ ንደፍእ ከም ዘለና ክንፈልጥ ኣለና። እሞ ደኣ እንታይ ዓይነት ውሳነ ምወሰንና?

# ግንዛበ ኣብ ስምዒታትና




ከም ሓጉስ፡ ሓዘን፡ ትብዓት፡ ፍርሒን ካልኦትን ስምዒታት፡ ኣብ ውሽጥና ዝፍጠሩ ንሂወትና ድማ ኣዝዮም ጸለውቲ እዮም። ስምዒታትናን ጠባይናን ኣብ ከባቢና ንዘሎ ባእታ (ሱብ ይኹን ዘይሱብ) እንህቦም ግብረ-መልሲ ክንብሎም ንኽእል። ግብረ-መልሲ ዝተባህለሉ ምኽንያት፡ ብዘይዝኾነ ይኹን ነገር ወይ ኩነታት ስምዒት ኣይፍጠርን እዩ። ንኣብነት፡ ንኽትሓርቕ ዘደረኸካ ካብ ውሽጥኻ ይኹን ካብ ግዳም ገለ ጠንቂ ኣሎ። ስምዒታት ብሓፈሻ ጠቓምትን ጉዳእትን ኢልና ክንፈላልዮም ንኽእል ኢና። ንዚያዳ መረዳእታ 'ፍርሒ' ንውሰድ። ፍርሒ ክልተ መዳያት - ማለት እወታውነትን ኣሉታውነትን ኣለዎ።

ተመሃሮ ፈተና ምስ ቀረበ ብምሉእ ሓይሎም የጽንዑ። እዚ ኸኣ ምሉእ ኣድህቦ ሂቦም ከንብቡ ስለ ዘድርኾም። ግቡእ ኣድህቦ ስለ ዝሃብዎ ጽቡቕ ገይሮም ክፈልጥዎ ተኽእሎ ኣሎ። ቡቲ ሓደ ሸነኽ ድማ፡ ብሰንኪ ፍርሒ ምጽሓፍ ክሳዕ ዝስእኑ ይጉብሮም እዮ። ብዙሓት ሰባት ኣብ ልዕሊ ስምዒታት ግጉይ መረዳእታ ኣለና። ገለ ካብቶም ብብዝሒ ዝግለጹ ኣስተብህሎን ምስትውዓልን ዘድልዮም ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1) ስምዒታት ባህርያውያን እዮም፦

ሓንቲ ፈለማያ ካብ ጉድጓድ ዝወጸት ጤለ በዱ፡ ኑብሪ እንተ ርእያ ሰቕ ኢላ ትሃድም። ኑቲ ኑብሪ ክትፈርሖ ከም ዘለዋ ኑብሳ ይነግራ። እቲ ስምዒት ኣብ ውሽጣ ዝጸንሐ እዩ። ይኹን እምበር፡ ኩሎም ስምዒታትና ተፈጥሮኣውያን ኣይኮኑን። ምስ ግዜ ካብ ሰባት ይኹን ካብ ካልእ እንምኩሮም ስምዒታት ኣለዉ። ንኣብነት ጭንቀት፡ ምስልቻው፡ ምሳና ዝውለዱ ኣይኮኑን። ኣብ መስርሕ ምንባር እነማዕብሎም እዮም።

2) ስምዒታት ክትቈጻጸሮም ኣይትኽእልን ኢኻ፦

ስምዒታትካ ክትቈጻጸር ዘይትኽእል እንተ ኴንካ ኣብ ሓደጋ ኢኻ ዘለኻ። ዝኾነ ሱብ ጠባዩ ይኹን ስምዒታቱ ክገትእ ይኽእል እዩ። ከምቲ ቅድም ኢሉ ዝተጠቕሰ ስምዒታት ከም ግብረ-መልሲ ናይ ገለ ፍጻመ ወይ ክስተት እዩ። ጠንቂ ኣለዎ። ሳዕቤን እውን ከምኡ። ብግዳማይውያን ድርኺታት ስለ ዝቅል ኑቲ ጠንቂ ብምቅጽጻር ኑቲ ሳዕቤን ክትቅብል ይግባእ። እንታይ ዓይነት ስምዒት ክህልወካ ከም ዘለዎ ክትውስን ትኽእል ኢኻ። ዘጋጠመ የጋጥም ብሕሩቕ ኣገባብ እንተ መሊስካ ዘሕርቕ ግብረ-መልሲ ትረክብ። ዘሐጉስ እንተ መሊስካ ድማ ተመሊሱ ንዓኻ ከም እተሐጉስ ይጉብረካ።

3) ስምዒታትካ ክትሓብእ ኣለካ፦

ስምዒታትካ ክትገትእዶ ወይስ ክትድርጉሕ ኣለካ? ዝብል ሕቶ፡ ብቐሊሉ ክምለስ ዝከኣል ኣይኮነን። ግዳ ስምዒታትካ ሓቢእካ ምኻድ ሃሳይነት ክህልዎ ይኽእል።

'ሓባእ ቀሰሉ ሓባእ ፈውሱ' ዝብል ብሂል ኣለና። ስምዒታትካ ምሕባእ ዘምጽኦ ሳዕቤን ዓቢ ምኳኑ እዩ እቲ መልእኽቲ። ኩይኑ ግን ተረኺበ ኢልካ ስምዒታትካ ምድርጓሕ እውን ሳዕቤን ኣለዎ። ስለዚ መዓስ ብኸመይ ስምዒታትካ ትገልጾን ትሓብእን ምግንዛብ'ዩ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ። ብድብድቡ 'ስምዒትካ ምሕባእ' ከም እምንቶ ክትርዕሞ ኣይግባእን።

ሓደ ሓደ ግዜ ስምዒታትና እምብዛ ስለ ዝግንፍሉ ንምጽዋሮም ንጽገም። ኣብ ዘየድሊ ሳዕቤን እውን ከውድቑና ይኽእሉ። እዚኦም እዮም ጉዳእቲ ስምዒታት ዝበሃሉ።

ጉዳእቲ ስምዒታት ብመንጽር ግዜ ክረኣዩ፡ ካብ ካልኢታት ክሳብ ዕምርና ምሉእ ዝጸንሑ እዮም። ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ሰባት የሕርቑኻ'ሞ 'በግ' ኢልካ ክትሃርም ወይ ክትጸርፍ ትኽእል። ንእለት ግን 'ኡፍፍፍ. . .!' ብምባል ናብ ንቡር ትምለስ። ይኹን እምበር፡ ኣብቲ ጫፍ ስምዒት ኣብ እትህልወሉ ህሞት፡ ብዝሓዝኮዮ ነገር ሰባት ምስ እትሃርም፡ ክርቢት ምስ እትሽርጥጥ ዓቢ ሓደጋ ክትፈጥር ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ንዓመታት ዝኸይድ ቂምታ ከም ዝኽሰት ንፈልጦ ነገር'ዩ። ሕኒን እናበልካ ስለ እትነብር ርግኣት የብልካን። ኣማስያኡ ናይ ኣእምሮ ጸገም እውን ከተማዕብል ትኽእል ኢኻ። ንሓጺር ይኹን ንነዊሕ እዋን ግዙኣት ናይ ስምዒትና ጥራይ ኣብ እንኸውነሉ፡ ርትዓውያን ክንከውን ኣይንኽእልን። ርትዓዊ ዘይምኳን ቡቲ ሓደ መዳዩ እንተስ ብፍላጥ እንተስ ብዘይፍላጥ ንኻልኦት ግዲ ዘይምግባር፡ ሓደጋ ምውዳቕ እውን የጠቓልል እዩ።

ነዞም ጉዳእቲ ስምዒታት እንፍውሰሉ ዝተፈላለየ መገዲ ክህሉ ይኽእል'ዩ። ቀጺለን ክልተ ምርጫታት ኣገባብ ኣፈዋውሳ ጉዳእቲ ስምዒታት ክቐርባ እየን።

1) ካብ ግዳማዊ ጠንቂ ምልጋስ፦

ከም እትሓርቕ ወይ ከምእትጭነቕ ዝገበረካ ግዳማዊ ጠንቂ እንታይ እዩ? ኣብ ውርርድ ስለ ዝተሰዓርካ? ፈታዊኻ ስለ ዝሰኣንካ? ጉዳእቲ ስምዒታት ከም ዝኽሰቱ ዝገበረ ጠንቂ እንታይ ምኳኑ ብንጹር ኣለልዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ግዳማውያን ረቛሒታት ክንቈጻጸሮም ኣይንኽእል ኢና። ክንቈጻጸሮም ዝይንኽእል ኩነታት ልግስ/እልይ ክንብሎም ዝሓሸ እዩ። ኑቲ ጠንቂ ዝኾነ ግዳማዊ ረቛሒ ከተለልዮ እንተ ዘይከኣልካ ግን፡ እታ ካልኣይቲ ኣማራጺት ምጥቃም ይሓይሽ።

2) ኣመለኻኽታኻ ለውጥ፦

ብዙሕ ግዜ ካብ ውድቀት ትምህርቲ ከምዝለ ንርስዕ ኢና። ፍሽለት፡ ውድቀት፡ ወይ እውን ካልእ ጉዳኢ ስምዒት ዘቕስቅስ ኩነት ኪጋጥመካ እንከሎ፡ ከም ዝደቐሰካ ዘይኮነ ኣተሓሳሰብካ ብምልዋጥ ከም መማሃሪኻን መብልሒኻን ክትርእዮ እንተ መሪጽካ እቲ ስምዒት ኣይክሃስየካን እዩ። ብግርጽ ድማ ክተወግዶ ኢኻ።

ቅድሚ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን፡ ሓደ ሱብ መዓልታዊ የሸግረኒ ነይሩ። ከረድኦ ፈቲነ እውን ኣይከኣለይን። ሓሳቡ ብንጹር ስለ ዘይገልጸለይ ከኣ ምርድኡ ተጸጊመ። ንሓደ ኣያይ ዝኾነኒ ለባም ሱብ ተወከስኩ።

"ግዲ ኣይትግበረሉ። ኣብ ናይ ስነ-ጽሑፍ ዓለም ስለዘለኻ ክጠቕመካ እዩ። ከምዚኦም ዓይነት ክፉኣት ሰባት፡ ኣብ ዛንታኻ ክትጥቀመሎም ከም እትኽእል፡ ከም ዘገድሱኻ እንተ ኣሚንካ ኣይትሓርቀሎምን ኢኻ። ልቢ-ወለድ ክትጽሕፍ እንከለኻ፡ እቶም ንምህናጽም ዘሸግሩኻ ጠባያት ዛንታ፡ እቶም ክፉኣት፡ ተንኰለኛታት እዮም። ነዚ ኣበየናይ ዛንታ ከም እተእትዎ ዘይፈለጥካዮ ኣገዳሲ ጠባይ ገይርካ ርኣዮ ተዘናጋዓሉ" ኢሉኒ። ሳላ እዛ ምኽሪ ኣብ ልዕሊ እቲ ሱብ ዝነበረኒ ኣረኣእያ ለዊጠስ ዘሸግረኒ ዝነበረ ዘዘናግዓኒ ኮይኑ። ንሱ ኣካይዳኡን ኣባይ ዝነበሮ ኣጠማምታን ከም ቀደሙ ኣሎ። ኣብ ልዕሊኡ ዝነበረኒ ኣተሓሳስባ ስለ ዝቐየርኩ ግን፡ ስምዒተይ ተቐይሩ።

ስምዒታትና ኣብ ሂወትና ወሳኒ ተራ እዩ ዘለዎም። ሂወት ብዘይ ስምዒታትና ትርጉም ዘይብላ ጉንዲ ምኾነት። ስምዒታትና ከም'ቲ ንመኪና ዘንቀሳቕስ ነዳዲ እውን ክንምስሎም ንኽእል። እታ መኪና ዓይነታን ሞዴላን ብዘየግድስ፡ ነዳዲ እንተዘይሃልይዋ ክትንቀሳቐስ ኣይትኽእልን እያ። ንሕና ድማ ብዘይስምዒታትና ዋጋ የብልናን። ስለ'ዚ ብኸመይ ይኽሰቱ፡ ብኸመይከ ንቈጻጸሮም ግንዛበ -እኳ ደኣ ዓሚቝ ግንዛበ ክህልወና ይግባእ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ተመሊሳ

ድራር ፍስሃየ

ካብ 1 ክሳብ 5 ነሓሰ 2018 ኣብ ናይጀርያዊት ከተማ ኣሳባ ክካየድ ኣብ ዝጸንሐ መበል 21 ሻምፕዮና ኣትሌቲክስ ኣፍሪቃ 2018 ዝተወዳደረት ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ብቐድሚ ትማሊ ናብ ሃገራ ተመሊሳ፣

እታ ሃገራዊት ጋንታ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝበጽሓትሉ እዋን ሓለፍቲ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣቀባቢላ ገይሮሙላ፣ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣብቲ ኣህጉራዊ ውድድር ብኦሎምፒካዊ ኣትሌት የማነ ሃይለስላሴ ኣብ ውድድር 5000ሜትሮ ነሓስ መዳልያ ክትዓትር ክኢላ'ያ፣ እቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምስ እትነጥፍ ክለብ ኣትሌቲክስ ሰገን ዝወዳደር ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ኣብ ውድድር 3000 ሜትሮ ስቴፕል-ቸስ'ውን (Steeple-Chase) ሓምሻይ ደረጃ ተሰሪዑ'ዩ ውድድሩ ዛዚሙ፣

ኣትሌት ዓወት ሃብተ ብወገኑ ኣብ ውድድር 10 ሽሕ ሜትሮ ሻዱሻይ፥ ኣብ ውድድር 5000 ሜትሮ ድማ ታሽዓይ ደረጃ ብምሓዝ ምስ ብሉጻት 10 ኣትሌታት ውድድሩ ክፍጽም እኳ እንተኽኣለ፡ ኣብቲ ኣህጉራዊ ውድድር ካብ ዝተሳተፉ ደቀንስትዮ ኣትሌታት ድማ ኣትሌት ዶልሺ ተስፉ ኣብ ውድድር 5000 ሜትሮ ናይ ሻውዓይ ደረጃ ኣተባባዒ ውጽኢት ኣመዝጊባ፣

እታ ሃገራዊት ጋንታ ንዘካየደቶ ውድድር ኣመልኪቶም ኣሰልጣኒ የሴፍ ግርማይን መራሒ-ጋንታ መም/ሰለሞን ኣዋጁን ኣብ ዝሃቡዎ መብርሂ፡ ኣትሌታት ዝበዝሓ ሃገራውያን ጋንታታት ብሰንኪ'ቲ ዝነበረ ናይ ውድድር ቅድመ-ምድላዋት ጸገማት፡ ኣደዳ ድኻምን ኮለልን ምዃኖም ንውጽኢቶም ብኣሉታ ከምዝጸለዎ ብምጥቃስ፡ ኣትሌታትና ንዝነበሮም ድኻማት ተጻዊሮም ዘመዝገቡዎ ውጽኢት ዝተባባዕ ምንባሩ ሓቢሮም፣

ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣብቲ ኣህጉራዊ ውድድር ኣርባዕተ ደቀንስትዮ ብዘርከባኦም ትሽዓተ ኣትሌታት ተወኪላ ናይ ትራክ ውድድራታ ምኪያዳ ይፍለጥ፣



## ደሃይ ምስግጋር ተጻወትቲ

ሓላዊ ልዳት ክለብ ቸልሲ ኮርቶዋ፡ ናብ ሪያል ማድሪድ ተሰጊሩ፣ እዚ ንሽድሽተ ዓመታት ኣብ በርናቡ ክጸንሕ ክታሙ ዘንበረ ተጻዋታይ፡ ትማሊ ማልያ ሪያል ማድሪድ ብምስዓም ናብዛ ሓዳስ ክለቡ ተጸምቢሩ ኣሎ፣

ብኻልእ ወገን ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ምስ ሃገራዊት ጋንታ ክሮኦሽያ ክሳብ ግጥም ፍጻመ ዝበጽሐ ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ማትዮ ኮቫቺች ብናይ ሓደ ዓመት ውዕል ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ምስግጋሩ ተሓቢሩ፣

እቲ ኣብ ማድሪድ ብቐዋምነት ቦታኡ ንምውሓስ ክቃለስ ዝጸንሐ ኣከፋፋሊ ብሓያል ክለባት ብቐዋምነት ክሰጋገር ጸውዒት ክቐርበሉ'ኳ እንተጸንሐ፡ ህላወኡ ኣብታ ጋንታ ዕዙዝ ምዃኑ ወናኒ ማድሪድ ፍሎሬንቲኖ ፔረዝ ብምሕባሩ፡ ጠለባቱ ውዱቕ ብምዃኑ'ዩ ብልቓሕ ናብ ለንደን ኣምሪሑ፣ ማትዮ ኮቫቺች ንሓደ ዓመት ኣብ ቸልሲ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ ምስ ፈረንሳዊ ንጎሎ ካንተ፡ በልጁማዊ ሃዛርድ ከምኡ'ውን ካብ ናፖሊ ምስ ዝተሰጋገረ ብራዚላዊ ጆርጊንሆ ክርእዮ ዝኽእል ጥምረት ብደገፍቲ ቸልሲ ልዑል ትጽቢት ተገይሩሉ ኣሎ፣ ምስ ምምጻእ ኮቫቺች ኣከፋፊልቲ እታ ጋንታ ዝነበሩ ቲሙይ ባካዮኮን እንግሊዛዊ ዳኒ ድሪንክ ዋተርን ነታ ጋንታ ክገድፉ ከምዝኽእሉ ብተወሳኺ ተሓቢሩ ኣሎ፣

ኣብ ካልእ ናይ ምስግጋር ዜና፡ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ብሉጽ ምንቅስቓስ ዘርኣየ በልጁማዊ ኣከፋፋሊ ኣክሰል ቪትሰል ናብ ጀርመናዊ ክለብ ቦሩስያ ዶርትሙንድ ከምርሕ ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ፣ እቲ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሩስያዊት ክለብ ዜኒት ሴንትፒተርስበርግ ዝሓለፈ ናይ ውድድር ዓመት ኣብ ክለባት ቻይና ክጻወት ምጽንሑ ዝፍለጥ ኮይኑ ምስታ ጀርመናዊት ጋንታ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ኣሎ፣ ሓደስቲ ተጻወትቲ ብምፍራማ ተወዳዳሪት ጋንታ ከምእትኸውን ዝነገረላ ዘሎ ኤቨርተን ብወገና ኑቲ ብክለባት ፉልሃም፡ ዌስትሃምን ኤሲ-ሚላንን ክድለ ዝጸንሐ ብራዚላዊ በርናርድ ካብ ዩክሬናዊት ሻኽታር ዶኔስክ ብናጻ ዝውውር ምፍራማ ሓቢራ ኣላ፣ እቲ ወዲ 25 ዓመት ናይ ክንፊ ኣጥቃዒ ብሓድሽ ኣሰልጣኒ ማርኮ ሲልቫ ናብ ስታድዩም ጎዲሰን ፓርክ ዝተሰጋገረ ሳልሳይ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣሎ፣ ኤቨርተን ኣቐዲማ ክብረወሰን መጠን መሰጋገሪ ገንዘብ እታ ክለብ ብዝኾነ 50 ሚልዮን ፓውንድ ንብራዚላዊ ሪቻልሰን ካብ ዋትፎርድ ከምኡ'ውን ንፈረንሳዊ ሉካስ ዲኘ ካብ ባርሴሎና ብ12 ሚልዮን ፓውንድ ምስግጋራ ዝዝከር ኮይኑ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኮሎምብያ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ልዑል ብቕዓት ዘርኣየ ተኸላኻሊ የሪ ሚና ንምስግጋር ዘካየደቶ ጻዕሪ ግን ክሰልጣ ኣይከኣለን፣ ምኽንያቱ ፈረንሳዊት ክለብ ሊዮን ኣብ መስርሕ ምስግጋር እቲ ተኸላኻሊ ኣብ ውዱእ ሰዓት ኢዳ ብምእታዋ፣

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ ኣብ ክለባት ኣርሰናልን ማንቸስተር ሲቲን ተዘዋሪ ናይ ጸወታ እዋን ዘሕለፈ ፈረንሳዊ ናይ የማን መስመር ተኸላኻሊ ባካሪ ሳኛ ናብ ካናዳዊት ክለብ ሞንትርያል ኢምፓክት ተሰጋጊሩ፣ ምስ ኣርሰናል ካብ 2004 ክሳብ 2007 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ልዕሊ ክልተ 100 ግጥማት ዘካየደ ሳኛ፡ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ኣብ ግጥማት ሰሪ ኣ ኢጣልያ ምስ ክለብ ቤኔቬንቶ ምሕላፉ ይዝከር፣ እታ ጋንታ ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥዮን ብምውራዳ'ዩ ኣብ መበል 35 ዓመቱ ናብታ ኣብ ውድድር ክለባት ሜጀር ሶከር-ሊግ ኣሜሪካ ምስ እትወዳደር ካናዳዊት ክለብ ክጻወት ተሰጋጊሩ ዝርከብ፣

## ሎፔተጊ ዓገቡ

ንኮኾብ ተጻዋታያ ፖርቱጋላዊ ሮናልዶ ብልዕሊ 100 ሚልዮን ዩሮ ናብ ሻምፕዮን ክለባት ኢጣልያ ጁቬንቱስ ዘፋነወት ዓባይ ስጳኛዊት ጋንታ ሪያል ማድሪድ፡ ዛጊት ኣካይዳቶም ብዘላ ናይ ቅድመ ውድድር ምድላዋት ኣሰልጣኒኣ ጁሌን ሎፔተጌ ዕጉብ ምዃኑ ገሊጹ፣

እቲ ስጳኛዊ ኣሰልጣኒ፡ ሻምፕዮን ክለባት ኤውሮጳ ዝኾነት ጋንታኡ ብዘለዋ ብቑዓት ተጻወትቲ ዝመጽእ ዓመተ ስፖርት'ውን ንክብረ ሻምፕዮንነት ላሊጋን ሻምፕዮንስ-ሊግን ብብቕዓት ከምእትወዳደር ይገልጽ፣

እቲ ንሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ናብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ድሕሪ ምሕላፉ ካብ ፍቓድ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ስጳኛ ወጻኢ ምስ ሪያል ማድሪድ ብዝገበሮ ስምምዕ ኣብ ድሮ ምጅማር እቲ ዓለማዊ ውድድር ዝተሰጎገ ኣሰልጣኒ፡ ክሳብ ሕጂ ኣካይድዎ ኣብ ዘሎ ምሕዝነታዊ ውድድራት፡ እቶም ኣሰልጣኒ ዚነዲን ዚዳን ምስ ምህላው ሮናልዶ ኣብታ ጋንታ ከምቲ ዝድለ ክጥቀመሎም ዘይጸንሐ ኣጥቃዕቲ፡ ዌልሳዊ ጋረዝ በይልን እስጳኛዊ ማርኮ ኣሰንስዮን ኣብ መስመር ምጥቃዕ የርእይዎ ብዘለዉ ውህደት ዕጉብ ምዃኑ ገሊጹ'ሎ፣

ሪያል ማድሪድ ሎሚ ክረምቲ ብዘይካ'ቲ ክትሃድኖ ዝጸንሐትን ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ብኣስታት 35 ሚልዮን ዩሮ ናብ ስታድዩም በርናቡ ምግዓዙ ርጉጽ ኮይኑ ዘሎ በልጁማዊ ሓላው ልዳት ኮርቶኣ ኣብ ዕድጊ ተጻወትቲ ንጥፍቲ ከምዘየላ'ዩ ዝግለጽ፣

መዝነት ምዕላም ካብ ፈረንሳዊ ዚነዲን ዚዳን ተረኪቡ ዘሎ ኣሰልጣኒ ሎፔተጊ፡ ዋላ'ኳ ኣብታ ጋንታ ብዝጸንሑ ተጻወትቲ ክቕጽል ምዃኑ ይዝረብ እንተሎ፡ ምስ ምኻድ ክርስትያኖ ሮናልዶ ከምኡ'ውን ናይ ቀረባ መቐናቕንታ ዝኾና ክለባት ኣትለቲኮ ማድሪድን ባርሴሎናን ሚልዮናት ዶላራት ብምስላዕ ሓያል ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ምስ ምፍራመን

## ማን. ዩናይትድ Vs ሌስተር

ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ሆሴ ሞሪኖ ትማሊ ኣማስያኡ ኣብ ዝተዛዘመ መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ ክለባት ፕረሚየር-ሊግ እንግሊዝ ናብታ ጋንታ ክሰጋግሮም ረቝሑዎም ካብ ዝጸንሑ ተኸላኸልቲ፡ ጀርመናዊ ጀሮም ቦኣቴንግ ናብ ስታድዩም ኦልድትራፎርድ ክግዕዝ ድላይ ከምዘይብሉ ብወግዒ ብምሕባሩ እታ ጋንታ ሎሚ ኣንጻር ክለብ ሌስተር ሲቲ ብምግጥም ኣብ እትፍልሞ ጸወታ መስመር ምክልኻላ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ለውጢ ከምዘይርኣየ'ዩ ዝግመት፣

ሞሪኖ ናብታ ጋንታ ክሰጋገሩሉ ኣቐዲሙ ካብ ዘቕረቦም ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ እንግሊዛዊ ሃሪ ማጉየር፡ በልጁማዊ ተጻዋታይ ቶተንሃም ቶቢ ኣይደርቪልድን ኮሎምብያዊ ተጻዋታይ ባርሴሎና የሪ ሚና ክሰልጦ ብዘይምኽኣሉ ንወነንቲ'ታ ጋንታ ክወቕስ ይስማዕ ኣሎ፣ ትማሊ ኣብ ዝተዘርግሐ ዜናታት ምስግጋር ድማ፡ እቲ ፖርቱጋላዊ ዓላሚ ኣብ ውዱእ ሰዓት ንተኸላኻሊ ቸልሲን ስቶክን ዝነበረ ፈረንሳዊ ከርት ዙማ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ክሰጋግሮ ተበግሶታት ምርኣዩ ንብዙሓት ኣገሪሙ'ዩ፣ ኣብ ክለብ ቸልሲ ምስቲ ብተደጋጋሚ መጉዳእቲ ካብ ሓያል ግጥማት ዝቦኸረ ወዲ 23 ዓመት ፈረንሳዊ ዝሰርሐ ሞሪኖ፡ ኑቲ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ምስታ ናብ ውድድር ሻምፕዮን ሺፕ ዝወረደት ስቶክ ሲቲ ክጻወት ዝጸንሐ ተኸላኻሊ ከሰጋግር ምሕታቱ ዝተቖጥዑ ደገፍቲ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ እታ ጋንታ ብቕዓት ዘለዎም ተኸላኸልቲ ዘይምፍራማ "ተሓታቲ ሞሪኖ'ዩ" ክብሉ ነቐፌታኦም የቕርቡ፣

ኣብ ዕረፍቲ ካብ ዝጸንሑ ምስ ፈረንሳ ዋንጫ ዓለም 2018 ዘልዓለ ፖል ፖግባ፡ በልጁማዊ ማርዋን ፈላኒን እንግሊዛውያን ጄሲ ሊንጋርድን ኣሽሊ ያንግን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ'ታ ጋንታ ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ስሩዕ ልምምድ'ኳ እንተጀመሩ፡ ሞሪኖ ኣብዚ ዝተዛዘመ መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ ብዘይካ'ቲ ካብ ዩክሬናዊት ሻኽታር ዶኔስክ ዘሰጋገሮ ብራዚላዊ ፍሬድ ዝጥቀስ ምስግጋር ብዘይምፍጻሙን ምስ ፈረንሳዊ ማርሻል ሕቶን ኩብድን ኮይኑ ብምህላዉን ፈለምቲ ግጥማቱ ኩብድሆ ከምዝኽእል'ዩ ግምታት ዝወሃብ ዘሎ፣

ሌስተር ሲቲ ብወገና ንኣልጀርያዊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዒ መሓረዝ ናብ ማንሲቲ ድሕሪ ምፍናዋ፡ ንዕኡ ዝትክእ ብቑዕ ተጻዋታይ ብዘይምፍራማ ኣብዚ ሎሚ ምሸት ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ምስ ዩናይትድ እትካይዶ ግጥም ነጥቢ ሒዛ ንምውጻእ ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ስልቲ ሒዛ ክትኣቱ ይጽቢት ይግበረላ፣




## ቶኒ ክሮስ
## ኮኾብ ተጻዋታይ ጀርመን ኮይኑ ተረቒሑ

ኮኾብ ኣከፋፋሊ ስጳኛዊት ጋንታ ሪያል ማድሪድ ቶኒ ክሮስ ናይ ዓመተ ስፖርት 2017/2018 ብሉጽ ተጻዋታይ ጀርመን ኮይኑ ተረቒሑ። እቲ ኣብ 2014 ምስ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ዋንጫ ዓለም 2014 ዘልዓለ ብሉጽ ኣከፋፋሊ፡ ጋንትኡ ኣብ ውድድራት ሻምፕዮንስ-ሊግ ኤውሮጳ ንተኸታታሊ ሰለስተ ዓመታት ተዓዋቲት ክትከውን ልዑል ተራ ምጽዋቱ ዝዝከር ኮይኑ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ውድድር ዘመን ምስ ክለቡ ሪያል ማድሪድ ከምኡ'ውን ምስ ሃገሩ ጀርመን ብዘርኣዮ ብቕዓት'ዩ ንሽልማት ኮኾብ ተጻዋታይ ጀርመን ክዕውተሉ ክኢሉ። ንቶኒ ክሩስ ስዒቡ መንእሰይ ኣጥቃዒ ክለብ ፍራይቡርግ ጀርመን ኒልስ ፒተርሰን'ዩ።

## ኢ.ኤስ.ፒ.ኤን ንግጥማት ኢጣልያ . . .

ሓደ ካብ ዓበይቲ መደበራት ቴሌቪዥን ስፖርት ዓለምና ዝኾነ ESPN-SPORT ድሕሪ ሓደ ሰሙን ንዝጅምር ግጥማት ሰሪ ኣ ኢጣልያ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንዘለዉ ተኸታተልቲ ብቐጥታ ክፍኑ ምስ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኢጣልያ ምስምምዑ ተገሊጹ። ግጥማት ሰሪ ኣ ኢጣልያ ምስ ምምጻእ ፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ናብ ጁቬንቱስ ተወዳዳርነቱን ዝናኡን ናብ ናይ መወዳእታ 80ታት ክምለስ ከምዝኽእል ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን እቲ መደበር ቴሌቪዥን ንግጥማት ኢጣልያ ኣብ ኣመሪካ ከመሓላልፎ ብምስምምዑ እታ ሻምፕዮን ኢጣልያ ዝኾነት ጋንታ ድሮ ደገፍታ ክበዝሑን ካብ መሰል ቴሌቪዥን እትረኽቦ ኣታዊታታ ክዓቢ ምጅማሩን ዝተፈላለያ ማሕበራዊ መራኸቢታት ሓቢረን ኣለዋ።

# ምልክታ

ቤተልሄም ታደሰ - እምነት ኣማኑኤል
ሊድያ ስልጣን

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰዒድ ኣማን መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሰዒድ ኣማን መሓመድብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/9/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ሓይልኣብ ገ/መስቀል ግርማጽዮንን ተኸሰስቲ 1.መጻምድቲ ነ/ሄር ኣርኣያ ክብሮም +1 ብዘሎ ክርክር፡ ተኸሳሲት ዮርዳኖስ ተኽላይ ብኣድራሽኣ ሰለዘይተረኽበት፡ ተጸዊዓ ን24/10/18 ኣብ ላ/ቤ/ፍ ኣስመራ ንግዲ መጋባኢያ ቁ.40 ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ጉዳያ ኣብ ዘየለወትሉ ክረአ ምኳኑ ነፈልጥ።

ኣቶ ፈረጅ ማሕሙድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሰሌማን ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ሰለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/8/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃንሱ ፍስሃየ ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ወይኒ ፍስሃየ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ሰለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/8/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰለማዊት ዳኒኤል ተኽለብርሃን ምባል ተሪፉ፡ ሃና ዳኒኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ሰለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/8/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ት/ዕደመ ኤዶም ኣምን ተኽለኣብ ብወለዱ 1.ኣቶ ኣማን ተኽለኣብ 2.ወ/ሮ ካናሪ ተኪኤ ኣቢሉ፡ ኤዶም ኣምን ተኽለኣብ ምባል ተሪፉ፡ ዮናታን ኣማን ተኽለኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ሰለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ገ/ሂወት ገ/ወልዱ፡ ተኸሰስቲ 1. ወረ/ነፍ/ክፍለየሱስ ገ/መስቀል 1.1ኣቶ ሱራፍኤል ክፍለየሱስ 1.2 ኣቶ ቴድሮስ ክፍለየሱስ 1.3 ወ/ሮ ገነት ክፍለየሱስ 1.4 ወ/ሮ ዮዲት ክፍለየሱስ 1.5 ወ/ሮ ሩታ ክፍለየሱስ 1.6 ኣቶ ሚኪኤል ክፍለየሱስ ንጹር ኣድራሽኦም ስለዘይብለይ፡ ቅዳሕ ክሲ ምስ መጸዋዕታ ቤት ፍርዲ ከብጽሓሎም ስለዘይክኣልኩ፡ ተጸዊዖም ክቐርቡለይ ስለዝበላ፡ ተኸሰስቲ ን2/10/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም፡ ኣብዘየለውሉ መዝገብ ክረአን መሰርሕ ዳንነት ክቕጽልን ምኳኑ የፍልጥ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊ ኣቶ ሳምሶም ኣብርሃን ወሃብ መልሲ ኣቶ ኤፍሬም ገ/ዮናስን ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ መልሲ ወሃቢ ኣቶ ኤፍሬም ገበረዮናስ ኣድራሽኡ ብንጹር ክፍለጥ ስለዘይተኻእለ፡ ን19/10/18 ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ መወዳእታ ይግባይ ሰማዒ ቁ.47 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቦም ግን፡ ኣብዘየለውሉ ጉዳዮም ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ ፓራዲዞ ጸጸራት

ወ/ሮ ገነት ነጋሲ ኪዳኑ፡ ወላዲና ነጋሲ ኪዳነ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ዓዲተከሌዛን

ከሳሲት ህያብ ገረመስቀል በርሀ ብሞግዚታ ሉእላ ግርማይ ኣቢላ፡ ተኸሰስቲ ፍርቱና ገብረመስቀል በርሀን ዮሴፍ ገብረመስቀል በርሀን መልሲ ስለዘየቕረቡ፡ ተጸዊዖም ን11/10/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

## ከረን

ሃብተስላሴ መዲንካፈሊት ምባል ተሪፉ፡ ሃብተ መዲንካፈሊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መሓመድሳልሕ ጃብር ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ሳልሕ ጃብር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ወ/ሮ ለተንጉስ ማይበቶት ሙሳን ተጸዋዒት ወ/ሮ ምሕረት ዓንዶም ወ/ሚካኤል ውዕል ኣቶ ተሰፋኣለም በርሀ ንጉሰን ዘሎ ጉዳይ፡ ንትግባረ ውዕል መሸጣ ገዛ ዝምልከት ክሲ፡ ኣብ'ዚ ቤ/ፍ ተኸፊቱ ስለዘሎ፣ ተጸዋዒ ወይ ወኪሉ፡ ን2/10/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዓዲኳላ

ኣብርሃ ክፍላይ ተስፉ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃም ክፍለ ተስፍኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ፡ን3/10/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተራእምኒ

ኣቶ ቴድሮስ ርእሶም ደበና፡ ኣቦይ ኣቶ ርእሶም ደበና ወልደሚካኤል ከምኡ'ውን ኣደይ ወ/ሮ ተኽኣ በርሀ ጊላይን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/8/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ሰንዓፈ

ጸጋብርሃን ተወልደ ገብረመድህን፡ በዓል-ቤተይ ተስፍኣለም ገብረመድህን መለስ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 20/9/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገርጠጢ

ወ/ሮ ፋኑስ መስፍን ዘርኣብሩክ፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ንግስቲ መስፍን ዘርኣብሩክ ስለዝሞተት፡ ውላድ ይኹን ሓዳር ስለዘይብላ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ወ/ሮ ሓረገ ሃብተሚካኤል ማሉ፡ ኣሕዋተይን ደቂ ኣሕዋተይን ዝኾኑ፡ ወ/ሮ ታቦቱ ሃብተሚካኤል ማሉ፡ ኣቶ ከሰተ ሃብተሚካኤል ማሉ፡ ሂወት ሃብተማርያም ሃብተሚካኤል፡ ሜሮን ዳኒኤል ሃብተማርያም፡ ፍረወይኒ ግርማይ፡ ኣይዳ ግርማይ ቅድሚ 4 ዓመት ካብ ሃገር ምስ ወጹ ደሃይ ስለዘይብሎም፡ ጥፉኣት ተባሂሎም ክእወጀለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/18 ኣብ ቤ/ፍ/ 4ይ መጋባኢያ ይቕረብ።




## ምልክታ

ብስም ወልደሚካኤል ገብራይ ወልደማርያም ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00038989 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋሓሙስ ጎደና ፍንጋጋ ቁ.ገዛ 70 ዝርከብ ናይ ድኳን ንግዲ ትካለይ፡ ንኢምነት መርሃዊ ተሰፋጽዮን ካብ ዕለት 01/4/2018 ክሳብ ዕለት 31/12/2019 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ፡ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ወልደሚካኤል ገብራይ ወልደማርያም

---

ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ንኡስ ዞባ ማይተመናይ ብግዝያዊ ምስክር ወረቐት 110811 ብመወከሲ ቁ.100260 ብዕለት 17/01/1995 ዋንነት ብስም ወላድየይ ገብረወልዲ ገብረስላሴ ዑቕባሓንስ ዝተመዝገበ፡ ወላድየይ ካብዛ ዓለም ብሞት ስለዝተፈለየ፡ ኣብ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ ፓራዲዞ ጸጸራት ብመ/ቁ.577/17 ብዕለት 04/04/2018 በይነይ ወራሲት ምኳነይ ኣረጋጊጸ ዝሓደርኩ ስለዝኾንኩ፡ በዚ ናይ ውርሲ መሰረት ካብ ስም ወላድየይ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝተቓላሓሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ከቕርብ ይሐተት። ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግን ሰነዳተይ ኣቕሪበ ኣብ ስመይ ከዛውሮ ምኳነይ የፍልጥ።

ለምለም ገብረወልዲ ገብረስላሴ

---

ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብተማርያም፡ ናይ ሕጊ በዓልቲ-ቤት ናይ ነፍ/ኣርኣያ ኣስገዶም ብውርሲ ቁ/መዝ/1613/2009 ብዕለት 10/5/2010 ኣብ ዝወዓለ መጋባኣያ፡ ብፍርዲ ስለዝተረጋገጸልና፡ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም 06 ጎደና 720 ቁ/ገዛ 12/14 ብኮምሽን ኣባይቲ ቁ/ምስክር ወረቐት 111630 ብመወከሲ ቁ/116467 ብስም በዓል-ቤተይ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ናብ ስመይ፡ ስም ወደይ ኖህ ኣርኣያ ኣስገዶም ከነመሓላልፎ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ ውሳነ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብተማርያም

---

ብስም ኣበባ ሃብተሚካኤል ገ/ስላሴ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒንASL00027047 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ዓሊ.ተና መረብ ቁ.ገዛ 27 ዝርከብ፡ ናይ እንዳ መሻጢት ንግዲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሳባ ዑ/ጋብር ዘገርግሽ ካብ ዕለት 01/08/2018 ክሳብ ዕለት 31/07/2019 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት፡ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ፡ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣበባ ሃ/ሚካኤል ገ/ስላሴ

## ምልክታ

መበል 28 ዓመታዊ ጉባኤ ሰብ ብርኪ ናቕፋ ኮርፖረሽን፡ ንዕለት 19/08/2018 ሰዓት 8፡00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ስለዝካየድ፡ ንኹሎም ኣባላቱ ይዕድም። ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ ምልኣተ ጉባኤ እንተዘይተረኺበ፡ 26/08/2018 ብዝተረኽቡ ኣባላት ጉባኤ ከም ዝካየድ ንሕብር።

ቦታ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ንግዲ

ዳይረክተራት ቦርድ፡ ናቕፋ ኮርፖረሽን

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ኮርፖረሽን ኤለክትሪስቲ ኤርትራ፡ ብሰንኪ ሃንደበታዊ ዋሕዚ ኤለትሪክ ብዝፍጠር ከቢድን ፈኩስን ዕንወት ዝወረዶም ዝተፈላለዩ ዓይነት ንብረት ብጨረታ ክዐርይ ስለዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

| ተ/ቁ | ዓይነት ኤለትሪካዊ ንብረት | መለለይ |
|---|---|---|
| 1. | ተሌቪዥን | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 2. | ሪሲቨር | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 3. | ዲቪዲ | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 4. | ቴፕ | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 5. | ራድዮ | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 6. | ኮምፒዩተር | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 7. | ስቴፕላይዘር | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 8. | ቻርጀራት | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 9. | ኤለትሪካዊ መብራህቲ | ዝተፈላለዩ ዓይነት |
| 10. | ኤለትሪካዊ ኣቑሑት | ዝተፈላለዩ ዓይነት |

ብተጫረትቲ ክማላእ ዘለዎ ቅጥዕታት

1. ተጫረትቲ ናይ 2017 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ፎቶ ኮፒ የቕርቡ።
2. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ብቸክ ወይ ሲፒኦ ኣቕዲሞም የትሕዙ።
3. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን። ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ማ/ቤት ጽሕፈት ኮ.ኤ.ኤ ይኽፈት።
4. ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝድለ ብቁ.ስልኪ 125363 ብምውካስ ካብ ቤት ጽሕፈት ን/ጨ/ዕድግን መኽዘንን ቁጽሪ 59 ክሕተት ይከኣል።
5. ዕውት ተጫራታይ ምስ ኣጫራታይ (ኮ.ኤ.ኤ) ውዕል ስራሕ ብምግባር መስርሕ ምትዕርራይ ይጅምር።
6. ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲ ኤርትራ ዝሓሸ መንገዲ እንተረኺቡ፡ በዚ ጨረታ'ዚ ኣይግደድን።

ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲ ኤርትራ

# ERITREA-CHINA EXPLORATION AND MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No.4, House No. 47/49, Gejeret; Tel. +291-1-123119; Asmara, Eritrea.

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

5. Position: Camp Manager
Place of Work: Augaro
Starting Date: September 2018
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

Main functions
- Manage the camp in a healthy and safety procedures
- Inspect the camp
- Follow all safety and health procedures
- Provide necessary goods for the camp
- Writing reports
- Participate in daily pre-start safety meetings and monthly meetings
- Inspect the living condition of the employees
- Ensure the environment of the camp is safe for the employees
- Create good relation with nearby villagers.
- Conduct reforestation inside and around the camp

Knowledge experience and skills
Qualifications:
- BSc in Public Administration, Management, environmental science or other related fields

Skills:
- 5-8 years' experience as Camp management
- Exposure to mining would be an advantage
- Good command of written and spoken English

6. Position: Blast Engineer
Place of Work: Augaro
Starting Date: September 2018
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

Main functions
- Follow all the health and safety procedures
- Record daily pre-start check sheets
- Ensure that hazards are identified and standard operating procedures are followed
- Ensure that the operation does not impact on the environment
- Participate in daily pre-start safety meetings and monthly meetings

Knowledge experience and skills
Qualifications:
- BSc in Blast Engineering/ Chemical engineering

Skills:
- 5-8 years' experience as a Blast engineer
- Exposure to mining would be an advantage
- Good command of written and spoken English

7. Position: Senior Geologist
Place of Work: Augaro
Starting Date: September 2018
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

Main functions
- Follow all the health and safety procedures
- Prepare geological survey reports to head office
- Ensure environment safety
- Participate in daily pre-start safety meetings and monthly meetings

Knowledge experience and skills
Qualifications:
- BSc Geology and GIS

Skills:
- 5-8 years' experience as a Geologist
- Exposure to mining area would be an advantage
- Physically fit
- Good command of written and spoken English

8. Position: Cook
Place of Work: Augaro
Starting Date: September 2018
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

Main functions
- Follow all the health and safety procedures
- Prepare meals three times a day for all employees
- Ensure that hazards are identified and standard operating procedures are followed in the cooking area
- Ensure the working environment is sanitary.

Knowledge experience and skills
Qualifications:
- Certificate in cooking Chinese food or far east dishes

Skills:
- 5-8 years' experience as a Cook
- Flexible approach to working hours
- Physically fit
- Good command of written and spoken English
- Some level of Chinese is also desirable

9. Position: Finance Manager
Place of Work: Augaro
Starting Date: September 2018
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

Main functions
- Follow all the project transactions
- Prepare monthly financial reports to head office
- Follow up all the tax issues regarding the project
- Finance and Budget for the project

Participate in daily pre-start safety meetings and monthly meetings

Knowledge experience and skills
Qualifications:
- Bsc in Accounting

Skills:
- 5-10 years' experience as an Accountant
- Flexible approach to working hours
- Sense of responsibility
- Excellent computer skills
- Good command of written and spoken English

10. Position: Translator
Place of Work: Augaro
Starting Date: September 2018
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (2)

Main functions
- Translate local language and English to Chinese
- Assist the Chinese workers in translating
- Assist the Chinese employees in preparing reports
- Assist the management team
- Participate in daily pre-start safety meetings and monthly meetings

Knowledge experience and skills
Qualifications:
- Bsc in English

Skills:
- 1-3 years' experience as a Translator
- Flexible approach to working hours
- Sense of responsibility
- Excellent computer skills
- Good command of written and spoken English
- Excellent command of written and spoken Chinese

Additional Requirement for Nationals:
- Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.

- Note to non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs, P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

## ምልክታ

1.ወ/ሮ ለተብርሃን ዑቕባዝጊ ተወልደመድህን 2. ወ/ሮ ምላሹ ዑቕባዝጊ ተወልደመድህን 3. ወ/ሮ ሄዋን ዑቕባዝጊ ተወልደመድህን ብዕለት 06/01/2009 ካብ ወላዲኦን ብውርሻ ዝረኸብኦ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/10 ጎደና ለ ቁ.ገዛ 8 ዝርከብ፡ 5 ቀንዲ ክፍልታትን ክሽነን ሽቓቕን ምስ ካንሸልኡ ዝሓዘ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብዋንነት ቁጽሪ 119235 መወከሲ ቁጽሪ 128718/140618 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቀሪበን ብውህብቶ ስለዝሃባኒ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግን ሰነዳተይ ኣቕሪበ ዋንነት ናብ ስመይ ከሰጋግር ምዃነይ የፍልጥ።

ኣቶ ክፍሎም ገብረክርስቶስ ገብረመድህን

ታደሰ ተኽለ

## ናጋሳኪ፣ ብኣቶማዊ ቦምብ ዝተደምሰሰትሉ ዕለት ተዘኪሩ



ኣመራጺ ኽተማ ናጋሳኪ - ጃፓን ብኣቶማዊ ቦምብ ዝደብደበትሉ ዝኸረ መበል 73 ዓመት ትማሊ ተኸቢሩ ውዒሉ።

ኣብቲ ጽምብል ዝኸደ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉቴረስ ኣብ ዘሰመየ መደረ፡ ዘርኢ ሰብ ዘጥፍእ መሳርሒታት እናማዕበለን እናተመሓየሸን ብምምጽኡ ሎሚ እውን ድሕሪ 73 ዓመት ብኣጽንኦቲ ኣጽዋር ህልቂት ከይወርድ ስግኣትን ፍርሒን ከምዘሎ ኣዘኪሩ።

ወሃንቲ ኣጽናዊ ኣጽዋር ዝኾና ሓያላት ሃገራት፡ ከኒዩዳኣ ዝጸንሓ ኣጽዋር ናይ ምጉዳል ዝርርባት ኣብዚ ግዜ እዚ ዳርጋ ፍጹም ተቛሪጹ ብምህላዉ ከም ብሓደሽ ተበራቢሩ ክቕጽል ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

ካብቲ ኣብ ልዕሊ ከተማታት ሂሮሺማን ናጋሳኪን ዝዘነበ መጥቃዕቲ ኣቶማዊ ቦምብ ዝሰረሩ ሰባት ዝጀመርዎ ምንቅስቓስ ሰላም ኣብ ምሉእ ዓለም ሰዓቢቲ ከፍሪ ከም ዝኸኣለን፡ ሓያላት ሃገራት ኣብ ምጉዳል ኣጽዋራት ዘበጽሕ ዝርርባት ክጅምሩ ከም ዘቢጋዓስን ይፍለጥ።

ኣብ ከተማ ናጋሳኪ ብ9 ነሓሰ 1945 ካብ ነፈርቲ ዝተደርበየ ኣቶማዊ ቦምብ ብኡ ንብኡ 70 ሽሕ ሰባት ከም ዝቖተለ ምንጭታት ይሕብሩ። ኣቐዲሙ ብ6 ነሓሰ 1945 ኣብ ከተማ ሂሮሺማ ዝወደቐ ኣቶማዊ ቦምብ እውን ኣስታት 140 ሽሕ ሰባት ከምዝሃለቐ ይዝከር።

ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ምዝዛሙ፡ ኣመራጺ ኽተማታት ጃፓን ብኣጽናዊ ኣጽዋራት ድሕሪ ምድምሳስ ሃጼያዊት ጃፓን ብህጹጽ ኢዳ ክትህብ ከምዝተገደደት መዋጋብቲ ይዝክሩ።

## ሞሮኮን ፖሊሳርዮን ንምቅርራብ ይሰርሓሉ

ፕረዚደንት ጀርመን ነበር ሆርስት ኮለር፡ እቲ ኣብ መንጎ ሞሮኮን ፖሊሳርዮን 42 ዓመታት ኣቑጺሩ ዝርከብ ምስሕሓብ ናብ ፍታሕ ንምብጻሕ ንኽልቲኦም ወገናት ከተዓርቕ ይቀራረብ ምህላዉ ተሓቢሩ።

ናይ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ልኡኽ ጉዳይ ምዕራብ ሰሃራ ኮይኑ ተመዚዙ ዘሎ ሆርስት ኮለር፡ ሕዚዎ ዘሎ ሓሳብ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ንበይቶ ጸጥታ ከምዝቐረበን ካብ ሓያሎ ወገናት ደገፍ ከምዝረኸበን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንሓያሎ ዓመታት ዝጸንሐት ምዕራብ ሰሃራ ኣብ 1975፡ ስጳኛ ግዚያዊ መንግስቲ ከየትከለት ራሕሪሓታ ምስ ወጸኣት ወተሃደራት ሞሮኮ፡ ሞሪታንያን ኣልጀርያን ነታ ሃገር ከም ዝተቖጻጸሩዋ ይፍለጥ።

ድሕሪ ሓደት ዓመታት ኣልጀርያን ሞሪታንያን ካብ ምዕራብ ሰሃራ እኳ ሰራዊተን እንተሰሓባ ሞሮኮ ግን 'ናይ ጥንቲ ግዝኣተይ ነይራ' ብዝብል ክሱብ ሕጂ ተቖጻጺራታ ከም ዘላ ይፍለጥ።

ኣብ 1991፡ ኣብ መንጎ ሰራዊት ሞሮኮን ነታ ግዝኣት ናጻ ንምውጻእ ዝቃለስ ግንባር ፖሊሳርዮን ናይ ተኹሲ ምቁራጽ ስምምዕ ተኸቲዱ፡ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም እውን ተላኢኹ። ህዝቢ እታ ግዝኣት ናይ መጻኢ ዕድሉ ብረፈረንደም ክወስን ምእንቲ እንተተገልጸሉ ዛጊት ግን ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ዕንቅፋታት እቲ መደብ ከምዘይተተግበረ ዝዝከር።

ሞሮኮ ነታ ኣካል ምኻና እትገልጻ ምዕራብ ሰሃራ ናይ ርእሰምምሕዳር መሰል ክትህባ ከም እትኽእል ክትገልጽ እንከላ፡ ፖሊሳርዮ ግና ረፈረንደም ክካየድ'ዩ ዝጠልብ።

ኣብታ ብማዕድን ሃብታም ከምዝኾነት ዝንገረላ ምዕራብ ሰሃራ፡ ካብ 350 ሽሕ ክሳብ ፍርቂ ሚልዮን ዝኸውን ህዝቢ ከም ዝነብር ምንጭታት ይሕብሩ።

*****

## ፈረንሳ፡ ኣጠፋፍኣ ነፈርቲ ማሌዥያ ትምርምር



ኣሰር ነፈርቲ ማሌዥያ - ኢምኤች 370 ንምፍላጥ ዝተኻየደ መሰርሕ ብዘይፍረ ድሕሪ ምትራፉ፡ ፈረንሳ ኣጠፋፍኣ ናይታ ነፈርቲ ንምፍላጥ ሓድሽ መርመራታት ከምዝጀመረት ኣፍሊጣ።

ማሌዥያ ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ሃገራት ንኣስታት 3 ዓመት መጽናዕቲ ከተካየድ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት 'ኣንፈት ተሳኢኑ' ብምባል ነቲ መርመራ ከም ዘቋረጸቶ ይፍለጥ።

ማሌዥያ ኣብቲ 400 ገጽ ዝሓዘ ናይ መጽናዕቲ ጸብጻብ ዘይገለጸቶ ዝተሓብኣ ሓበሬታ ከምዘሎ ዝጥርጥር ፖሊስ ፈረንሳ ብወገኑ፡ እታ ነፈርቲ ቀድሚ ምስዋራ ጉዕዞኣ ብሰትላይት ይረአ ከምዝነበረ ይገልጽ።

ኢንማርሳት ዝተባህለ ትካል፡ እታ ካብ ክዋላ ላምፑር ናብ በይጂንግ እትጓዓዝ ዝነበረት ነፈርቲ ብሰትላይት እናተኸታተለ ብዛዕባ ጉዕዞኣ ዝመዝገቦ ሓበሬታ ማሌዥያ ኣብቲ 400 ገጽ ዘለዎ ጸብጻባ ከም ዘይዘከረቶ ለ ፓሪስየን ዝተባህለ ጋዜጣ ፈረንሳ ገሊጹ።

ኣካል ናይታ 239 ሰባት ሒዛ ናይ ዝጠፍኣት ነፈርቲ ከም ዝኾነ ዝእመን ቀንጽራጽ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ኣብ እትርከብ ጥቓ ደሴት ርዩንዮን ተረኺቡ ከምዝነበረ ይዝከር። ካብኡ ሓሊፉ ግን ሬሳ ተሳፈርቲ ይኹን ተወሳኺ ስብርባር ናይታ ነፈርቲ ከምዘይተረኽበ መንግስቲ ማሌዥያ ይገልጽ። ስድራቤት ተሳፈርቲ ደማ ኣብቲ መርመራ ዝሰተፉ ዘለዉ ሰብ መዚ ዝሸፋፍንዎ ሓበሬታ ከምዘሎ'የም ዝጥርጥሩ።

ሓደ ካብኦም ኣብረርቲ ርእሰ ቅትለት ብምፍጻም ነታ ነፈርቲ ናብ ባሕሪ ከም ዘጥሓላ ዝግሕሕ ወረ ሓሶት ከምዝኾነ ድማ ኣባላት ስድራቤት ጊያሾ ይሕብሩ።

ኣብዚ ኣውስትራሊያ፡ ቻይናን ካልኦት ሃገራትን ዝተሳተፍኦ ኣብ ታሪኽ ጉዕዞ ኣየር ዝለዉሐ ግዜ ዝወሰደ ንማእከላይን ደቡባዊን ህንዳዊ ውቅያኖስ ዝሸፈነ ሰፊሕ ዳህሳስ ከም እተኻየደ ይፍለጥ።

እታ ነፈርቲ፡ ካብ ማሌዥያ ናብ ቻይና ክትበርር እንከላ ንምብራቕ ገጻ ክትጓዓዝ ከምዝጀመረን፡ ንምንታይ ኣንፈታ ቀይራ ንሓያሎ ሰዓታት ንምዕራብ ተጓዒዛ ዝበለ ሕቶ ብሰብ መዚ ግቡእ ምላሽ ከምዘይተዋህቦ ስድራቤት ጉዳያት ይገልጹ።

## ባንግላደሽ - ሓደጋታት ትራፊክ ናዕቢ ኣለዓዒሉ



ናይ ተሽከርከርቲ ሓደጋታት ብዝበዝሐ ኣብ ዝረኣየላ ባንግላደሽ፡ ድሕሪ ሞት ክልተ ተመሃሮ ዝተወለዐ ናዕቢ ይቕጽል ምህላዉ ተሓቢሩ።

ነቲ ኣብ ጎደናታት ከተማ ዳካ ዝካየድ ዘሎ ናዕቢ ንምዝሓል ሓይልታት ጸጥታ ጸዕርታት ኣብ ዝገብሩሉ ዘለዉ እዋን፡ መንግስቲ ብሞባይል ዝካየድ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ከምዝዓጸዎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣውተብሳት፡ ሚኒባሳትን ታክሲታትን ተሳፈርቲ ንምእራይ ኣብ ዝቀዳደምሉ ግዜ ኣብ ልዕሊ ኢጋር ተደጋጋሚ ሓደጋ ከምዘውርዳየም ነበርቲ ዝኸሰሱ፡ ኣብዚ ቅንያት ዘጋጠመ ሞት ክልተ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ'ውን ጠንቁ ንኢጋር ቀዳምነት ዘይምሃብ ኩይኑ ሕጊ ተሽከርከርቲ ክመሓየሽ ብዝጠልብ ህዝቢ ናዕቢ ዝተሓወሶ ተቓውሞ ክካየድ ምኽንዩ ይፍለጥ።

ዳካ ርእሰ ከተማ ባንግላደሽ ንልዕሊ ሰሙን ብናዕቢ ክትሕመስ ብምጽናሓ ብሕታዊ ይኹን መንግስታዊ ስራሓት ተዓናቒፉ ምህላዉ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣብቲ ተቓውሞ ዝሳተፉ ዘለዉ መንእሰያት ምስ ፖሊስ ቀጻሊ ግጭት ከምዝካየዱን ድሮ'ውን ኣስታት 100 ሰባት ከምዝቖሰሉን ተፈሊጡ ኣሎ። ፖሊስ ቀታሊ ናይ ዓረር ጥይት ዘይኮነስ ብናይ ፕላስቲክ ጥይት ንተቓወምቲ ክበትን ይፍትን ከምዘሎ'ዩ ዝገልጽ።

ባንግላደሽ ኣብ ጽርግያታት ሞት ሓደጋ መካይን ብዝበዝሐ ካብ ዝረኣየለን ሃገራት ዓለም ሓንቲ ከም ዝኾነትን እዚ ናይ ሎሚቅነ ተቓውሞ ኣብ ህዝቢ ተዓቚሩ ዝጸንሐ ስምዒት እምበር ሓድሽ ከምዘይኮነን ምንጭታት የረድኡ።

ኣብ ጽርግያ ዝፍጠር ሓደጋ መካይን ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከምዘለዎ ዝሕብሩ ወገናት፡ መራሕቲ መካይን ታዕሊም ኣብ ዝወስዱሉ ግዜ ህይወት ሰብ ኣገዳሲ ክቡር ምዃኑ ኣብ ናይ ቃል ትምህርቲ ደጋጊሞም ክመሃሩዎ ከም ዘለዎም የዘኻኽሩ።

## ተርእዮ 'ዘመናዊ ባርነት' ይቕጽል ኣሎ ተባሂሉ

ኣብ ብሪጣንያ ቅድሚ ክልተ ዓመት ባርነት ንምቁጽጻር ዝተኣታተወ ሕጊ ነቲ ተርእዮ ከዘሕሎ እኳ እንተኸኣለ ጌና ፈጺሙ ከምዘይተረፈን ሎሚ ዘበን ጥራይ ሓያሎ ሰባት ቡቲ ገበን ተኸሲሶም ከምዘለዉን ምንጭታት ሓቢሮም።

ብሪጣንያ፡ ንምቁጽጻር ዘመናዊ ባርነት ዘኽእል ሕጊ ካብ እተውጽእ ካብ 2015 ንደሓር ንግድ ሱብን ምጥራይ ግዙእን ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባትን ቡብቐጐብ ክንኪ ከምእተራእየ ዝሕብሩ ምንጭታት፡ እቲ ልምዲ ይቕጽል ከምዘሎን ተወሳኺ ጻዕሪ ከምዘድልዮን የረድኡ።

ኣብ ዓለም፡ ንሱብ ብመልክዕ ጥሪት ናይ ምሓዝ ተርእዮ ይቕጽል ምህላዉን ዛጊት'ውን ልዕሊ 40 ሚልዮን ሰባት ተገዲደም ኣብ ትሕቲ ካልኦት ሰባት ብዘይ ክፍሊት ከምዝሰርሑ ወግዓውያን ሰነዳት ይሕብሩ።

ነዚ ገበን ንምቁጽጻር ተወሳኺ ቃልሲ ከምዘድሊ ዝጉስጉሱ ተጣበቕቲ መሰላት፡ ኣብ ባርነት ንዝተታሕዙ ሰባት ክበጽሕ ዝኽእል ሓበሬታ ብዝበዝሐ ምዝርጋሕ ከምዘድሊ ኣረዲኦም።

ተጣበቕቲ መሰላት፡ ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት ናይ ቋንቋ ጸገም ስለ ዘለዎም ኣብቲ ዝኣትውለን ሃገራት፡ ብዛዕባ ዘለዉዎ ኩነታት ንኣኽበርቲ ሕጊ ክሕብሩ ከምዝጸገሞን ካብ ኣሰራሕቶም ዝተፈላለየ ሰቓይ ከምዝወርዶምን የረድኡ።

ኣብ ብሪጣንያ 136 ሽሕ ብመልክዕ ዘመናዊ ባርነት ዝተታሕዙ ሰባት ከም ዝርከቡ 'ምክ ፍሪ' ዝተባህለ ተጣባቒ ጉጅለ ይገልጽ።



ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ
ዕለት: 10/8/2018
ጎደና: ጎደና ኣፍዓበት፡ ቁ.105፡ ከባቢ ካልኣይ መደበር ፖሊስ(ካርሸሊ)
ቁ.ስልኪ: 123105
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services